# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.73 | ሰንበት 24 ሕዳር 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኣብ ቀጽሪ ትነፍዓሉ...




ገጽ 3
በረራ ኣዕዋፍ



ገጽ 4
ኣከባብን ተጻዋርነት...



ገጽ 6




ጽውጽዋያት መለኮታዊ ርወ-ንግስነት ዘይፈደየ ንድየት

ገጽ 11
ሻምፒዮንስ ሊግ ዲቪዥን 'ኤ' 2024-25...


## ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር፡ ብልዑል ድምቀት ተቓኒዑ



ብ20 ሕዳር ብሓላፊ ወድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ ዝተኸፍተ መበል 13 ፈስቲቫል ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር፡ ብ22 ሕዳር ብልዑል ደምቀት ተዛዚሙ።

ኣብዚ ዲፕሎማሰኛታትን ብርክት ዝበሉ ኣባላት ኤርትራዊ ማሕበረኮም ኣብ ከተማ ኣ'ደውሓን ዝተረኽቡሉ ስነስርዓት፡ ንባህላዊ ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያንን ምስ ባህሎምን ታሪኾምን ዘለዎም ጥቡቕ ምትእስሳር ዘንጸባርቕ፡ ሃገራውን ባህላውን ጣዕመ ዜማታት ቀሪቡ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንዓውት ናይ'ቲ ፈስቲቫል ንዘጸዓሩን ዝበርከቱን ከም ኡ'ውን ንኹሎም ተሳተፍቲ ድሕሪ ምምስጋን፡ ናይ ምስጋናን ኣፍልጦን ወረቐት ምስክር ዓዲሉ።

ፈስቲቫል ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር ንምድልዳል፣ ባህሎምን ታሪኾምን ምስ ካልኦት ንምፍላጥን ንደቆም ብኩብረታት ሕብረተሰቦም ንምኹስኳስን ዓመት መጸ ዝውድብዎ ፈስቲቫላት እዩ።

ኣብ ሰዑዲ-ዓረብ - ማሕበረኮማት ኤርትራውያን ኣብ ር'ያድን ጅዳን፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሙን ናይ'ዚ ወርሒ ሕዳር ፈስቲቫላቶም ከምዘካየዱ ዝዘከር እዩ።

## ጊንዳዕ - ኣብ ቀጽሪ መወከሲ ሆስፒታል፡ ወፈራ ጽሬት ተኻዩዱ

ኣብ ቀጽሪ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ ብኮሚተ ጥዕና ዝተወደበ፡ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊትን ህዝብን ዝተሳተፍዎ ወፈራታት ጽሬትን ሓፈሻዊ ጽገና ሻምብቆታት ማይን ይካየድ ኣሎ።

እቲ ንዝኣረገ ናይ ሓጺን ሻምብቆታት ማይ ብፕላስቲክ ናይ ምትካእ መደብ፡ ኪጋጥም ንዝጸንሐ ብኽነት ማይ ንምውጋድ ከምዝሕግዝ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይ'ቲ ሆስፒታል ኣቶ ክስተ ካሕሳይ ሓቢሩ።

ኣባል ኮሚተ ጥዕናን ኑቲ ስራሕ ዝመርሐ ዘሎን ኣቶ እስቲፋኖስ ዑቕባሚካኤል ብወገኑ፡ ውዳቤ ሓይሊ ምኻኑ ኣሚናም ዝጀመርዎ ወፈራ፡ ነበርቲ ብዘርኣይዎ ተወፋይነት ውጽኢታዊ ኩይኑ ከምዝሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ማይ ከተማ ጊንዳዕ ኣቶ ሰዒድ ኣድሓናን ክኢላ ቴክኒክ ማይ ኣቶ ዳኒኤል ሃብተማርያም ብወገኖም፡ ኣብ ቀጽሪ'ቲ መወከሲ ሆስፒታል ብቐጻሊ ኪጋጥም ዝጸንሐ ናይ ሻምብቆታት ማይ ምብልሻውን ከሰዐቦ ዝጸንሐ ዘይተደልየ ርሱሓትን ንምውጋድ እቲ ወፈራ ከምእተወደበ ብምጥቃስ፡ ደሮ ኣብ ደረጃ ምዝዛም በጺሑ ከምዘሎ ኣረጋጊጾም።

## ከረን - ጉጅለ ሓካይም 'ኣልበሳር'፡ መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ኣካዪዱ




ጉጅለ ሓካይም 'ኣልበሳር'፡ ብሰንኪ ሓበላ ናይ ምርኣይ ጸገም ንዘጸንሑዎም ልዕሊ 400 ዜጋታት፡ ካብ 16 ክሳብ 22 ሕዳር ኣብ ሆስፒታል ከረን ዕዉት መጥባሕቲ ኣካዪዱ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ሃገራዊ መደብ ምቍጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ዓይኒ ኣቶ ኣለም ዘካርያስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ግዜ፡ ብጠቕላላ መርመራታት ዓይኒ ካብ ዝተገብረሎም ኣሽታት ክልተ ሽሕ ዜጋታት፡ 406 መጥባሕቲ ክካየደሎም ከሎ፡ ልዕሊ 400 ናይ ንባብ መነጽር ከምእተዓደለ፣ ንኻልኦት ድማ ዘድልየም መድሃኒት ከምዝወሰዱ ኣብሪሁ።

"ሕማም ዓይኒ ካብ ክትፍወሶ ክትከላኸሎ ይቐልል" ዝበለ ኣቶ ኣለም፡ ዜጋታት ምስ ሕማማት ዓይኒ ብሓፈሻ ምስ ሓበላ ድማ ብፍላይ ዝተሓሓዝ ምልክታት ኣብ ዝዕበሉ፡ ብዘይምድንጓይ ናብ ሕክምና ክመጹ ኣዘኻኺሩ።

ጠርናፊ ጉጅለ ሓካይም 'ኣልበሳር' ዶ/ር ዓብደላ በሸር ብወገኑ፡ ኣብ ኤርትራ ሞያውያን ጥዕና ብዘካየድዎ ሓያል ንጥፈታት ኣፍልጦ ሕብረሰብ ኣብ ሕክምና ዓይኒ ምብራኹ፡ ዝወጠንዎ መደብት ኣብ ምዕዋት ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ገሊጹ።

ካብ ቅድሚ 10 ዓመታት ኣትሒዙ ኣብ ኤርትራ መጥባሕቲ ሓበላ ዘካይድ ዘሎ ጉጅለ ሓካይም ኣልበሳር፡ ኣብ ዝቕጽል ቅንያት ኣብ መንደፈራን ባጽዕን ተመሳሳሊ መደባት ከምዘካይድ ተፈሊጡ ኣሎ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣብ ቍጽሪ ትነፍዑሉ መገድታት [2]

ኵሉ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ነናቱ ፍሉይንትን ባህርን ኣሎዎ። ቍጽሪ'ውን ካብ ካልኦት ዓይነት ትምህርትታት ዝፈልዮ ኣሎዎ። ቍጽሪ ከም ገለኦም ዓይነታት ትምህርቲ ልኡም ኴንካ ክትምሃሮ ኣየፍቅድን'ዩ። ቍጽሪ፡ ብሓደ ዝለምድካዮ መስመር ወይ ኵነታት ክትከዶ ኣየፍቅድን። ኵሉ ሳዕ ሓድሽ ምንቕቓሓን ኣገባብ ኣቐርቦትካን የድልዮ። መብዝሓትኦም ኣብ ቍጽሪ ዝርከቡ ኣምራት ንሓድሕዶምን ምስ ህይወትን ዝተተሓሓዙ እዮም። እዚ ምትሕሓዛት ከነለሊ ዘይንፍትን እንተ ኾንና፡ ቍጽሪ ምጽናዕ ዝያዳ ዝተሓላለኸን ዝኸበደን ይገብሮ። ነዚ ምትሕሓዝ ዝያዳ ክንርድኦ ኣብ ዝጀመርናሉ፡ ቍጽሪ ዝያዳ እናቐለለ ይኸይድ። እዚ ጽሑፍ ከኣ ኣብ ቍጽሪ ዘለና መረዳእታ ንምዕባይን ጽቡቕ ውጽኢት ንምምዝጋብን ዝሕግዝ ገለ እንዶታት ሒዙ ይቐርብ ኣሎ። ካልኣይ ክፋሉ እንሆ፤

### ቅድመ ምዝናይ

ቅድሚ ናይ ቍጽሪ ክፍለ ግዜ ምእታውና ወይ መጽናዕቲ ምጅማርና ብዝተኻእለ መጠን ክንዛነ ኣለና። ብዙሕ ግዜ "ዘይቍጽሪ'የ ከጽንዕ" ኢልና ኣብ ህድኣት ዘይብሉ፡ ሙዚቃ ዝዓብለሎ፡ በቲ ካልእ ወገን እናኣዕለልና፡ ተለብሸዥን እናረኣና፡ ... ነጽንዕ ኢና። እንተኾነ ቍጽሪ ከም ኵሎም ዓይነት ትምህርቲ ምሉእ ኣድህቦ ስለ ዘድልዮ፡ ህዱእ ሃዋህው ፈጢርና ከነጽንዕ ይምረጽ። ቍጽሪ ልዕሊ ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ክፉት ኣእምሮ ዝጽበ ብምዃኑ፡ ተዛኒና መጽናዕትናን ትምህርትናን ክንከታተል ኣለና።

### ጽፉፍ ኣታሕዛ ኖት ይሃልኻ

ሓደ ኣርእስቲ እናተማሃርና ኣብ ጥራዝና እንጽሕፎ ኖት ደጊምና ከነንብቦ ዘየሸግር ክኸውን ኣለዎ። ማዕረ-ማዕረ መምህርና ምእንቲ ክንከይድ ክንብል፡ ደጊምና እንክንርእዮ ዘይብረሃናን ዘይንበበልናን ጽሒፈት ኣይኹን። ብታህዋኽ ክንጽሕፍ ክንብል፡ እቲ ዕዮ ዝፍተሓሉ ደረጃታት ከይንዘልል እውን ምጥንቃቕ የድልየና። ብጽቡቕ ጽሒፈትን ጽፈትን ዝተጻሕፈ ኖት ደጊምካ ንኽተምብቦ ይብረሃካን ናይ ምስራሕ ሸውሃትካ ይኸፍትን'ዩ።

### ንናይ ቍጽሪ ዕዮ-ገዛ ብዙሕ ግዜ ሃቦ



ካብ ቤት ትምህርትና ገዛና ምስ ተመለስና ቀዳማይ እንሰርሖ ዕማም ዕዮ-ገዛ ወይ ዘይወዳእናዮ ዕዮ-ክፍሊ ምስራሕ ይኹን። ዕዮ-ገዛ ከም ዘለና እናፈለጥና ካልእ መጽናዕቲ እንተ ጀሚርና ጸቕጢ ክገብረልና ስለ ዝኽእል፡ ዕዮ-ገዛ ኣቐዲምና ከነጻፍፍ ይሓይሽ። ቍጽሪ ሕልፌ ካልኦት ብምድግጋም ዕዮታት ዝጽናዕ ብምዃኑ ኸኣ ዝያዳ ግዜ ሂብና፡ ብምሉእ ዕጋበት ከነጻፍፎ ኣለና። ኵሉ ግዜ እቲ ዝኸበደ ዕዮ ኣቐድምና እንተ ዓመምናዮ ዝበለጸ ይኸውን።

### መጽናዕቲ

ቍጽሪ ዕቱብ መጽናዕቲ'ውን የድልዮ'ዩ። ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትና ኰነ ኣብ ኮለጃት ቍጽሪ እቲ ዓቢ ግምት ዝወሃቦ ዓውደ-ትምህርቲ እዩ። ስለ ዝኾነ ኸኣ ዕትብ ኢልና ክንሕዞ እንግደድ። ኵሉ'ቲ ዝተመሃርናዮ ተመሊስና ነጽናዕዮ። ካብ ዝተፈላለየ መጽሓፍቲ ምስ ደረጃናን ኣርእስትናን ዝኸይድ ሕቶታት ንስራሕ፣ ከቢድ ሕቶ ምስ ዘጋጥመና ኸኣ ናብ መምህርና ኬድና ንሕተተሉ። እቲ ክንሓተሉ ዝሓሰብና ሕቶታት ምእንታን ከይንርስዖ ግን ብኣጋኡ ጽሒፍናዮ ንጽናሕ።

### ንሓደ ምዕራፍ ናቱ መዝገበ ቃላት ኣዳልወሉ

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምዕራፍ ዘጋጥመና ሓደስቲ ቃላት ምስ ትርጉሞም ፈሊና ንሓዞም። እዚ ኣብ ዝዝመጽእ ምዕራፍ እነዳልዎ ንኡስ መዝገበ ቃላት ንመዝግቦ። ኣብቲ ናይ ቍጽሪ ጥራዝና ቅድሚ ምዕራፍ ምጅማሩ ወይ ምውድኡ ናቱ ገጽ ፈሊና ንጽሓፎ። ኵሉ ግዜ ጥራዝና ኣብ እንግንጽለሉ እዋን ስለ ዝጸንሑና ቀልጢፍና ከነጽነዮም ይሕግዘና እዩ። ብተወሳኺ ቍጽሪ ናቱ ቋንቋ ዝሓዘ ብምዃኑ፡ ከይሓዋወስና ክንፍጦ ከኽእለና'ዩ።

### ጕጅለ መጻንዕቲ ይሃልኻ

ረብሓታት ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ጕጅለ መጻንዕቲ ክህልወካ ኣገዳሲ'ዩ። ዝበዝሑ ንፉዓት ተመሃሮ ዝጥቀምሉ ሜላ ኣጸናንዓ እዩ። ብሓፈሻኡ ብኸመይ ኢኻ ጕጅለ መጻንዕቲ ትመርጽ ወይ ትፈጥር? ኣብ ጕጅለ መጻንዕቲ ክህሉ ዝግብኦን ዘይግበኦን ንጥፈታት ኣየናይ እዩ? ዝብልን ካልእን ኣብ ዝመጽእ ሕታማት እዚ ዓምዲ ከነቕርብ ኢና። ቍጽሪ ኸኣ ዝያዳ ካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ብሓባር ምጽናዕ ዘገድሶ ዓይነት ትምህርቲ እዩ።

ጕጅለ መጻንዕቲ ብምፍላይ፡ ምስ ካልኣይና ወይ ብጕጅለ፡ ኴንና እነጽንዓሉ ናይ ሓባር ናይ መጽናዕቲ ግዜ ንፍለ። ብሓባር ምጽናዕ ካብቲ ትግምቶ ንላዕሊ ብዙሕ ረብሓ ኣሎዎ። ቅድሚ ናብ ብጻይና ወይ ጕጅልና ምኻድና ግና፡ እቲ ብሓባር ከነጽነዮ ዝሓሰብናዮ ኣንቢብናዮ ክንጸንሕ ኣለና። ሚዛን እቶም ብሓደ ዘጽንዑ ክመጣጠን ስለ ዘለዎ ኸኣ ናይ ሓባር መደብን ኣካይዳን ክህሉ ኣለዎ። ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ ነቲ እትፈልጦ ፍልጠት የራጒዶ፡ ሓድሽ ፍልጠት ትረክብ፡ ከይሓፈርካ ሓሳብካ ክትለዋወጥን ካልኦትን ብዙሓት ጥቕምታት ኣለዎ።

### ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ናይ ቍጽሪ ክፍለ-ግዜ ኣይተብኵር

ኣብ ቍጽሪ እንመሃሮም ምዕራፋት ንሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ስለ ዝኾኑ ሓንቲ ክፍለ-ግዜ እንተ ኣብኩርና ወይ ከይተረዳኣና እንተ ሓሊፋ፡ ነቲ ዝስዕብ ክሓላልኾ ስለ ዝኽእል ኣይነብኵር። ዘይተረዳኣና እንተ ኾይኑ'ውን ኣብታ መዓልቲ ፈሊጥናያ ክንውዕል ንጽዓር። ሓንቲ ክፍለ-ግዜ ምስ ተመሃርና ሸው ናይ መጽናዕቲ ግዜ ንፍለየላ። ብዝኾነ ምኽንያት እንተ ሓሊፍና ኸኣ ኣብ ካልእ ክፍሊ ወይ እብረ ኬድና ከም እንመሃራ ንግበር። ምኽንያቱ ናይታ ዝሓለፈትና ክላስ ተሓተትቲ ባዕልና ስለዝኾና።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

### እናኣዛነየ ዝምህር ሕቶታት ንተመሃሮ

1. The more you take away, the more I become. what am I?

2. I am tall when I am young, I am short when I am old. What am I?



A hole
A pencil

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ


ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

### ዳእላ ተመሃሮ



When the teacher entered the class all the students were standing.

The teacher said: 'Now, all of you sit down except those who are absolutely dull and duffers?' All the boys sat down except Rufta.

Teacher: 'Why Rajan? Are you absolutely dull and a duffer?'

Rufta: 'No sir. The thing is that you were standing alone and it didn't look good to me.'

ሜሪ ማና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ካልኦት ንዝረኣዩዎ፡ እንታይን ስለምንታይን ክብሉ እንከለዉ፡ ኣነ ኸኣ እንታይ ምኾነን ስለምንታይ ዘይኮነን እብል።"

- Pablo Picasso

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

## ንግንዛበ

### ውሽጠይ ናበይ ይደፍኣኒ!?

.... ዝፈትዎ ዓውደ-ትምህርቲ'የ ክምሃር ጀሚረ ነይረ። ብሰሪ ጥዕናዊ ጸገማት ናይ ኮለጅ ትምህርተይ ዋላ ኣይዛዝም፡ ካብቲ ዝፈትዎ ዓውዲ ኣይወጻእኩን። ኣብ ንእስነተይ፡ ንነብሰይ ብሕቶ ኮፍ ኣቢለያ ኣይፈልጥን'የ። እዚ ባህረይ ኣጨንቕ ዝብለኒ እዋን ነይሩ፣ ግን ከምኡ እንተ ዘይገይረ ዝህውትት ዘለኹ፡ ነዛ ነብሰይ ዝሕስዋ ወይ ዘዐሽዋ ዘለኹ ኰይኑ ይስመዓኒ። ነብስና ለማዲ እዩ፣ ብተፈጥሮኡ። ኣብ ውሕጅ ከም ዘንሳፍፍ ሳዕሪ ትም ኢልና ምስ ማዕበሉ እንተ ኼድና፡ ህይወትና ንቕድሚኡ'ዩ ዝኸውን። ጕዕዞና ናብ ዝዓመቔሉ ይኸውን፣ ብትርጉም ከኣ ኣይንጓዕዝን። እንታይ? ስለምንታይ? ብኸመይ? መዓስን ኣበይን ዝብሉ ናይ ኵሉ ሳዕ ኣገደስቲ ሕቶታት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ተግባርናን ሓሳብናን ብምሕታት ነብስና ድቃስ ንኸልኣያ። ድፍኢት ውሽጥኻ፡ በዚ ከምዚ ዝበለ ሕቶታት ኢኻ ዓይኒ ማዩ ትኸፍተሉ እምበር ስቕ ኢልካ ኣይርከብን። ...

ምሕረትኣብ ጠዓመ

***

.... "ድፍኢት ውሽጡ ዘዳምጽ ሰብ ውሑድ'ዩ፡" ክብሃል እሰምዕ ነይረ። ንእሽቶይ ዝርድኣኒ ነገር ነይሩ፣ ግና ከምዚ ሕጂ ዝርድኣኒ ኣይኮነን። ድፍኢት ውሽጥኻ ኣብ ንእስነትካ ከተለሊ ዕድል ክትረክብ ኣለካ። ንኸምኡ ዝኸውን ባይታ ክርከብ ቀሊል ኣይኰነን። ነዛ ዓምዲ ዘንብቡ ተመሃሮ፡ ብፍላይ ከኣ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ እዛ ዓምዲ ጽቡቕ ባይታ ኰይናትኩም ኣላ። ...

ሙና ነጋሽ - ኣስመራ

***

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቁባስላሴ

## በረራ ኣዕዋፍ

ኣዕዋፍ ክፍራ እንከለዋ ፍሉይ ግርማ እየን ዝፈጥራ። ዝተፈላለያ ዓሌታት ኣዕዋፍ እየን ዘለዋ። ከም ቀጻሪ ብዝሓን ድማ፡ ኣገባብ ኣበራርራኣን ዝተፈልየ እዩ። ከም ዓሌት ኣልባትሮስ ዝተባህላ ኣዕዋፍ ኑቲ ነዊሕ መንጉበበን ሓንሳብ ብምንቅስቓስ ንነዊሕ ሰዓታት ዳግማይ ከየንቀሳቕሳ ይበርራ። ኣልባትሮስ ገዛፍቲ ኣዕዋፍ ባሕሪ'የን። እዘን 13 ዓሌት ዘለወን ኣዕዋፍ ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ክቢ'የን ዝርከባ። ኣልባትሮስ ኣዝየን ኣደነቕቲ በረርቲ እየን። ካብ ምድሪ ኣዝየን ልዒለን ብምንስፋፍ ኣኽናፈን ዘራጊሐን ኣብ ህዋ ደው ዝበላ ኰይነን ይረኣያኻ። ኣብ ጫፍ ናይ'ቲ ነዊሕ መትከበን ዝርከብ ናይ ኣፍንጫ ነፃል፡ ኣብ ሓንጎል ናብ ዝርከብ ምዕቡል ናይ ምሽታት ማእከል'ዩ ዘምርሕ። ንኣተን ዓሚቝ ናይ ምሽታት ስምዒት ኣለወን። ገለ ሰፍልጠተኛታት፡ ኣልባጥሮስ ብምሽታት ጥራይ ኣብ ከበኣን ዘለዉ ካልኦት ፍጡራት፡ መግቢን ዘርኢን ሰፈር ጨረሩ ክለልያ ከም ዝኽእላ ይኣምኑ።

"ሀሚንግ በርድ" ዝተባህላ ዓሌት ናይ ኣዕዋፍ ድማ፡ ብኣንጻሩ ንመንጉበበን ንሓንቲ ካልኢት እውን ትኹን ከየዕረፉ ዝበራ እየን። ገለ ቀጥታዊ መስመር ሐዘን ክበርራ ከለዋ፡ ገለ ድማ ኣብ ሰማይ ክበን ለጠቓን እናበላ ይበርራ። ይኹን እምበር፡ እቲ መሰረታውን ተፈጥሮኣውን ናይ ምብራር ተኽእሎኣን ተመሳሳሊ እዩ። ኣዕዋፍ ክበርራ ምስ ዝደልያ ኣብ መሬት ከለዋ ብመንገዲ መንጉበበን ኣብለን ኣየር ንታሕቲ ይደፍኣ እሞ፡ እቲ ኣየር ንላዕሊ ስለ ዝደፍኣን ናብ ሰማይ ገጸን ይፍርራ። እዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ምምንቓጌው ዝሕግዘን ኣብ ከቢ ኣፍልበን ኣዝዩ ተረር ጭዋዳ ይውንና።

ስሕበት ምድሪ እቲ ቀንዲ ንበረራት ካብ ሰማይ ንታሕቲ ዝስሕቦም ተፈጥሮኣዊ ሓይሊ እዩ። ኣዕዋፍ ኣብ ሰማይ ንኽበራ ነዚ ሓይሊ ኣብ ምብዳህ ዝሕግዘን ተፈጥሮኣዊ ክእለት ምስንዳዕ ንኽብደተን ኣዝዩ ዘፍኩሶ እዩ። ንኣብነት ኣዕዋፍ ፈኩስ ኣዕጽምቲ ስለ ዘውንና ንኽበርራ ኣይጸገማን እየን።

ቅዲ ኣበርራኣን ግን ይፈላለያ እየን። ገለኣን ናብ ናይ ንፋስ ኣንፈት ብምቕናዕ ካብ መሬት ክትንስኣ ከለዋ፡ ገለ ድማ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ብምድያብ ናብ ሰማይ ክበርራ ይጅምራ። ኣዕዋፍ ኣብ ህዋ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ ከም ቅርጺ ናይ መንጉበበን ዝተፈላለየ ሜሌታት ብምጥቃም ንዘይለይኦ እዋን ኣብ ህዋ ይጸንሓ። ኣብ ቅርጺ ኣካላተን ዘሎ




ፍልልያት ምኽንያት ናይቲ ዝኽተልኦ ዝተፈላለየ ኣንፈት ጉዕዞ ወይ በረራ እዩ። ገለ ኣዕዋፍ ክሳብ መሬት ዝበጽሓ ዝበረን ፍጥነት ዘይጸንሕ ክሹና እንከለዋ፡ ካልኦት፡ ደማ ቅድሚ ናብ መሬት ምብጻሐን ዝበረን ፍጥነት የጉድላ። ምዝርጋሕ መሓውረን ፍጥነተን ኣብ ምጉዳል ዓቢ ተራ'ዩ ዘለዎ።

## ዝለዓለ ብልሒ ዘለዎም ሰባት

ብልሒ ሓደ መሰረታዊ ናይ ኣእምሮ ዓቕምን ክእለት እዩ። ሓደ ሰብ ሓይሊ ኣእምሮኡ ከመይ ከምዝመስልን ንዳዕ ኣመሓዳሪ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝሕብሩ ዝተፈላለዩ ነጥብታት ኣለዉ።

ካብየም ዝሓቕፎም ነገራት ክእለት ናይ ብመደብ ምሻድ፡ ክእለት ንጠበድቲ ጉዳያት ምፍታሕ፡ ክእለት ናይ ምኽንያት ምሃብ፡ ክእለት ምስ ከባቢኻ ምልምማድ፡ ክእለት ካብ ተመኩሮ ምምሃር ከምኡ'ውን ንሰንቀፋት ሓሳብካ ምፍታሕ የጠቓልል። እዚ ኣብ 1905 ኣልፈርድ ቢነት ብዝተባህለ ፈረንሳዊ ክኢላ ስነልቦና ዝማዕበለ ኣፆር



ብልሒ ደቂሰብ ዝፍትኑ ሕቶታት ብምቕራብ ዝተሃንጸ እዩ። 'ኣይ ኪው' ዝበሃል ኣሕጽሮተ ቃል ንልክዕነትን መዐቀንን ብልሒ ሓንጎል ዝገልጽ እዩ። ነጥብታቱ ድማ፡ ብልሒ ወዲ ሰብ ክመዝኑ ይኽእሉ'የም ንዝተባህሉ ዝተፈላለዩ ፈተናታት ብምምላስ ደርከቡ። ተገንዘቦ ዝመዝኑ ሕቶታት ብምቕራብ ዝተሃንጸ'ዩ። እቲ ፈተና ድማ፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ካብ ዝበሉ ህጻናት ኑየም ኣካዳምያዊ ድኽመት ዘለዎም ኣለኒኻ ድጋፋት ንምሃብ ዝዋለመ'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ለሚ እዋን ድማ፡ እዚ ፈተና ብስፋሕ ዝወሃበን ኣብ 'ኢንተለጀንስ' ዝልክዕን እዩ። እዚ ዘመናዊ ኣወሃህባ ነጥቢ ብምኽታል ዝቶደድ ደረጃ ብልሒ ሓንጎል ዝውሰን ፈተና ብልሒ ሰብ ክመዝኑ ብዝተወደቡ ዝተፈላለዩን ዝተደላደሉን ሕቶታት ብምሃብ ይቶደድ ኣሎ። በዚ መሰረት ኣብ ሚያዝያ 2024፡ ዝርዝር ልዑል 'ኣይኪው'(IQ) ዘለዎም ሰባት ወጺኡ ነይሩ። ደቡብ ኮርያዊ የንግሁን ኪም ኣብ ዓለም ዝለዓለ 'ኣይኪው' ከም ዘውንን ተገሊጹ ኣሎ። ዘውንኖ ብልሒ 276 'ኣይኪው' እዩ። ኪም ኣብ ዝተፈላለዩ ልዑል ደረጃ ዘለዎም ፈተናታት ዝለዓለ ነጥቢ ከም ዝረኸበ ይንገር። የንግሁን ኪም፡ ኣብ 1970 ኣብ ደቡብ ኮርያ'ዩ ተወሊዱ። ኪም ወዲ ክልተ ወርሒ እንከሎ ክዛረብ ይኽእል ነይሩ። ኣብ ክልተ ዓመቱ ሰለስተ ቋንቋታት ክርዳእ ክኢሉ። ካብ 3-6 ዓመት ኣብ ዝነበረ ዕድመኡ ድማ፡ ከም ተማሃራይ ናይ ፊዚክስ ኣብ ሃንያንግ ዩኒቨርሲቲ ብምኻን ነጢፉ። ወዲ ሸውዓተ ዓመት ምስ መልኦ ማእከል ምርምር ጠፈር ኣመሪካ ናሳ ብዝነበረሉ ዕድመ ናብ ኣመሪካ ብምኻድ ኣብ ንኣሰ ዕድመኡ ምስ ኣመራርውያን ናይ ጠፈር ተመራመርቲ ክራኸብ በቒዑ። ቅድሚ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ምምልኡ ኩሉ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ መጻናዕቲ ብምዝዛም ካብ ዩኒቨርሲቲ ኮሎራዶ ብዓውዲ ፊዚክስ ናይ ዶክተረይት ማዕርግ ረኺቡ። ካብኡ ብምቕጻል ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ናብ ዓውዲ ምህንድስና ብምስጋር ብሲቪል ኢንጂነሪንግ ናይ ዶክተረይት ማዕርግ ተቐቢሉ። ብዘውንኖ ዓቕሚ ብልሒ እቲ ዝበልሐ ሰብ ተባሂሉ ኣብ መዝገብ ክበረ ወሰን ክሰፍር በቒዑ።

ካልኣይ ዝለዓለ 'ኣይኪው' ዘውንን ማርሳን ላየብውካር እዩ። ዘውንኖ ብልሒ 268 ኣይኪው እዩ። ሳልሰይቲ ካብ ሲንጋፖራዊት ኣደን ኣየርላንዳዊ ኣቦን ትውለድ ኣይናን ካውሊ ትውንኖ ብልሒ 263 'ኣይኪው' ይበጽሕ። እቲ ዝሃብተመ ናይ ዓለም ክንደይ 'ኣይኪው' ኮን ይህልዎ ይኸውን? ክሳብ 13 ሕዳር 2024 ወናኒ 320 ቢልዮን ዶላር ዝኾኑ ዝሃብተመ ናይ ዓለም ኢሎን ማስክ ዘለዎ ብልሒ 'ኣይኪው' ክሳብ 160 ከም ዝበጽሕ ይፍለጥ።

## ካልኩላስ

ካልኩላስ ካብ ንእሽቶ እምኒ ዝበል ቃል ናይ ላቲን ዝመጸ ክፋል ናይ ቅማሪ (ማተማቲክስ) ኮይኑ፡ ንብርትዕ ዝበለ ክፋላት ሕሳብን ሰፍሓት ዘይንበር ቅርጺታት ንምርካበን ይጠቅም። እዚ ቃል ኣቐዲሙ ብሮማውያን ዝዘውተር ከም ዝነበረ ይግለጽ። ጸኒሑ ግና ኣብ 17 ዘመን ብኮልኩሌተር ወይ ምቍጻር ዝበል ትርጉም ዘለዎ ናይ እንግሊዝኛ ቃል ተቐይሩ። ምህዞን ዘመናዊ ኣጠቓቕማን ካልኩላስ ኣብ ኤውሮጳ እዩ ጀሚሩ። ኣይዛክ ኒውተንን ጎትፍሪድ ላይብኒዝን መሰረታዊ ስራሕ ከም ዝሰርሑ ይፍለጥ። ኣቦታት ካልኩላስ እናተባህሉ ድማ'የም ዝጽውዑ። ኣብ ምምዕባሉ'ውን ካልኦት ዓቢ ተራ ተጻዊቶም እዮም። ሊዮናርድ ኦይለር ሓደ ካብኦቶም እዩ። ሊዮናርድ ኦይለር ኣብ 18 ዘመን ዝነበረ ስዊዘርላንዳዊ ክኢላ ስነቀጽርን ፊዚክስን ኮይኑ ሓደ ካብ ብሉጻትን ፍሉጣትን ስነ ፍልጠተኛታት ዓለምና'ዩ። ኣብ ፊዚክስን ሓያሊይ ዓውዲታት ምህንድስናን ዝዕመሞም ስርሓት ንምስፍሕፋሕ ስልጣነ ዓለምና መድረኻውን ወሳኒን ደርኺት ከምዝፈጠሩ ይእመነሉ። ሊዮናርድ ኦይለር ብስነቍጽርን ስነፍልጠታዊ ፍርያቱን ብኣደናቕቲ ዝገለጽ ሊቕ'ዩ። ልዕሊ 25 ምሉኣት መጽሓፍቲ ዝጸሓፈ ኦይለር፡ ኣብ ስነቀጽሪ ወይ ስነፍልጠት ብኣማኢትን ልዕሊኡን ዝቑጸር መበቈላዊ ዓንቀጻት ዘበርከተ'ዩ።

ብልህነት ኦይለር ንፍሲ ወከፍ ግብራውን ክልሰሓሳባዊ ረቛሕ (ፕዩር ማተማቲክስ) ዓውዲ ስነቀጽሪ ዘሐየለ'ዩ። ኣብ ቀጽራዊ ፊዚክስ (ማታማቲካል ፊዚክስ) ዝነበሮ ኣበርክቶ'ውን ደረት ኣልቦ ምዃኑ ይግለጽ። ሊዮናርድ ኦይለር ኣብ ስነቀጽሪ ዝፈጸሞም ዕዮታት ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ዓውዲታት ካልኩላስ 'ዲፈረንሽያል ኢኳሽን' ከምኡ'ውን 'ኢንፋይናት ሰርየስ' ግና ፍሉይ ተጉዳስነት'ዩ ነይርዎ። ኣብዘን ዓውድታት ዝነበሮ ኣበርክቶ ከኣ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ 'ቫሪሽን ካልኩላስ'፡ ንኽልሰሓሳብ 'ኮምፕሌክስ ናምበር' ዝነበሮ ኣበርክቶ ኣብዞም ዓውድታት ናይ ዝሰዓቡ ምዕባለታት መሰረት እዮም። እዞም ኣርእስታት ኣብ ክልሰሓሳባዊ ረቛሕ ስነቀጽሪ (ፕዩር ማተማቲክስ) ዘለዎም ኣገዳስነት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ካልእ ስነ ፍልጠታዊ ዕዮ'ውን ሰፊሕ ዝውታረ (ኣፕሊኬሽን) ዘለዎም'ዮም። ኦይለር ኣብ መንጎ 'ትሪጎኖሜትሪክ ፋንክሽን' ከምኡ'ውን 'ኢማጂናሪ ናምበር' ዝሎ ዝምድና ዘርኢ ትምህርቲ'ውን ኣዳልዩ እዩ።



## ውሽጣዊ ጽባቐዶ ግዳማዊ ጽባቐ

ውሽጣዊ ጽባቐ ንባህርያት ልቦና ሓደ ሰብ እዩ ዘመልክት። ውሽጣዊ ጽባቐ ከም ሰብ ክሳብ ክንደይ ሰሓቢ ምዃንካ ይገልጽ። ደጋዊ ጽባቐ፡ ንመልክዕ ሰብ ዝገልጽ ኮይኑ፡ ንጽባቐ ጽሬትን ኣካላዊ መልክዕን የጠቓልል። ንሓቀኛ መናብርትኻ እትመርጸሉ ቀንዲ መምዘኒ ውሽጣዊ



ጽባቐ'ዩ። ምኽንያቱ ውሽጣዊ ጽባቐ ኣብ ቀዋምነ፡ ሓልዮት፡ ፍቕርን ልቦናን ዝተሰረተ ኮይኑ፡ ወትሩ እናተኸልዐ ዝቕጽል ሓይሊ እዩ። መለክዒታት ውሽጣዊ ጽባቐ ዝያዳ ምስ ዝነልሕ ድማ ሕጉሰን ዕውትን ሓዳር ከም ዝኸውን ርዱእ'ዩ። ዋላ'ኳ ደቂ ሰብ እቲ ግዳማዊ ጽባቐ ዕሉታዊ ባህታን ስሕበትን ኮይኑ፡ ኣብ ካይነይታ ኣውዲቑ ኣደናቒት ዘሕድር እንተኾኑ፡ ብተዓጻጻፊ ዋጋ እቲ ኣብ ህይወት ክህሉ ዝድለ ሓጎስ ብውሽጣዊ ጽባቐ እዩ ዝስተማቐር። ውሽጣዊ ጽባቐ ምስ ግዜን ኩነታትን ዘይቅየር እምነ ኩርናዕ ምንጪ ርጉእን ዕውትን ሓዳር'ዩ። ኩሉ ዘንጸባርቕ ወርቂ ኣይኮነን። ኣዝዩ ጽቡቕ ገጽ ወይ ኣካላዊ ቁመና ዘለዎ ሰብ መታለሊ ልቢ ክህልዎ ይኽእል መን ይፈልጥ። ግዳማዊ ጽባቐ ምስ ግዜ ክሃስስ ይኽእል እዩ። ንጹህ ልቢን ጽቡቕ ባህርያትን ዘለዎም ሰባት ግዱ ወትሩ ጽቡቓት ኮይኖም እዮም ዝቕጽሉ። ብናይ ሰባት ግዳማዊ ጽባቐ ተጸልዩም ኑቲ ውሽጣዊ ጽባቐ ብምርሳዕ ዝታለሉ ሰባት ምርኣይ ዘሕዝን'ዩ። 7 ጥቕምቲ መግለጺ ውሽጣዊ ጽባቐ እያ።

### ጥቕስታት

- "ሓጎስ ማለት እቲ እትሓስቦ እትዛረቦን እትገብሮን ምስ ዝሰማማዕ እዩ።"- **ማሃትማ ጋንዲ**
- "ዝኸሪታት ኩላትና ሒዝናዮም እንኸይድ ዳየሪ እዩ።" — **ኦስካር ዋይልድ**
- "ሓጎስ ስሩሕ ነገር ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ተግባር'ዩ ዝርከብ።"- **ዳላይ ላማ**
- "ሰሓቕ ምስ ዝውሕድ ብኡ መጠን ዓወት ይውሕድ።"- **ኣንድሪው ካርኒ**
- "ሓጎስ ካብ ዓወት፡ ፍናንን ፈጠራዊ ጻዕርን እዩ ዝርከብ።"- **ፍራንክሊን ሩዝቨልት**
- "መጻኢ'ኻ ኣብ ሕልምኻ ስለ ዝምርኰስ ድቃስ ኣዘውትር።"- **ማሱት ባራዢ**
- "ሕጉስ ምስ ኩንካ ኢኻ ትጽብቕ።" - **ኦስካር ዋይልድ**
- "ንጽባሕ ንምድላው ለሚ ከቢድ ስራሕ ይሓትት።" - **ብሩስ ሊ**



ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኣከባብን ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያንን

ካብ 18 ክሳብ 22 ሕዳር 2024፡ "ቅኑ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን" ዝተሰምየ ብደረጃ ሃገር ሰፊሕ ጉስጓሳት ክካየድ ምቕናዩ ይፍለጥ። ቅኑ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ሕዳር 2015 እዩ ብውድብ ጥዕና ዓለም ተመስሪቱ። ተልእኾ ቅኑ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን፡ ጸረ-ታህዋስያን ዘለዎም ፈዋስነት ንምዕቃብ ዝዓለመ'ዩ። ዓለማዊ ኣፍልጦ ንምሃብ ድማ፡ ሰለስተ ኣካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይሳተፉ። እዞም ኣካላት ብቐጥታ ንፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን ዝጸልዉ ጽላታት ዝውክሉ ኮይኖም፡ ንውድብ ጥዕና ዓለም (WHO)፡ ውድብ መግቢን ሕርሻን (FAO)፡ ውድብ ጥዕና እንስሳታት (OIE) እዮም። ኣብ ሃገርና'ውን ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕሪን መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝሳተፍዎ ቅኑ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ ጽልዋ ኣከባቢ ኣብ ልዕሊ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ንብዙሓት ኣካላት ንጹር ይመስሎ የለን። ኣከባቢ ንተጻዋርነት ጸረ-ተህዋስያን (ንፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን) ብኸመይ ይጸልዎ? ክምለስ ዘለዎ'ዩ።

ብዓይኒ ደቂ-ሰብ፡ ኣከባቢ ምስ ስሕበት ምድሪ ብዙሕ ዘመሳሰል ኣለዎ። ስሕበት ምድሪ ደቂ-ሰብ ኣብ ምዕባለ መጕዓዝያን ህንጻን ክብደህም ዘለዎም ባህርያውያን መሰናኽላት'ዩ። ኣከባቢ'ውን ደቂ-ሰብ ኣብ ምዕቃብ ዘላቒ ምዕባለ ክብደሆም ዘለዎም ብዙሓት ባህርያውያን መሰናኽል ዝሓቘፈ'ዩ። ስለ'ዚ፡ ፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን ዘጉድል፡ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን'ውን ኣከባቢ ሓቝፉዎ ዝርከብ ብድሆ'ዩ። ንምኽኣሉ መልክዖት ብድሆ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ቅድሚ ምትንታና፡ ቅድሚ ዝኣገረ ንኣምር ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ምርዳእ የድሊ።

ታህዋስያን፡ ብዓይንኻ ዘይርኣዩ ህይወታውያን ኮይኖም ናይ ገዛእ ርእሶም ብልሒ ዘለዎም ፍጡራት'የም። ብልሆም ድማ ንቐጻልነት ህይወቶም ኣብ'ቲ ዝነብሩሉ ኣከባቢ የውሕስ። ታህዋስያን ኣብ ኣየር፡ ማይ፡ ሓመድ ይርከቡ። ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ዕሲ (ፋንገስ)፡ ደቀቕቲ ዓለቕቲ (ፓራሳይት) እየም ማኑናት ታህዋስያን እዮም። እዞም ታህዋስያን ካብቲ ዝተፈጠሩሉን ዝነበሩሉን ኣከባቢ ናብ ካልእ ኣከባቢ ምስ ዝጸንበሩ፡ ባህሪኦም ይቕይሩ። ናብ ኣካላት ደቂ-ሰብ ምስ ዝጸንበሩ'ውን ረኽሲን ሕማምን የስዕቡ። ረኽሲ ክሳብ ሞት ክበጽሕ ዝኽእል ሕማም'ዩ። ረኽሲን ሕማምን ንምክልኻል፡ ነዞም ታህዋስያን ንምቕታል ንጥቀመሉ ከኣ፡ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን'ዩ።

መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ እንስሳታትን ኣትክልትን የገልግል። ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ክንብል ከለና እንታይ ማለትና'ዩ? ታህዋስያን ኣንጻር መድሃኒታት ዘጥርዩዎ ተጻዋርነት ንምግላጽ ዝውሃብ መግለጺ'ዩ። ታህዋስያን ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ምስ ዘጥርዩ፡ ሕማምን ረኽሰን ክፍወሱ ኣይክእሉን። ይኹን'ምበር ገለ ሰባት፡ "ንዓይ እዚ መድሃኒት ኣይሰርሓለይን'ዩ፡ ኑብሰይ ተጻዋርነት ኣጥርዩ እዩ" ክብሉ ይሰምዑ። እዚ ግን ጌጋ ኣመለኻኽታ'ዩ፡ ምኽንያቱ፡ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት፡ ታህዋስያን ንምቕታል'ምበር፡ ንሰብ ምጥቃዕ ተባሂሉ ኣይኮነን ዝሰርሑ (ዝፈሪ)። ስለዚ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ናይ ታህዋስያን ባህሪ'ምበር፡ ናይ'ቲ ዝሓመመ ወይ ፈውሲ ዝተዋህበ ሰብ ኣይኮነን።

ታህዋስያን ህይወታውያን እዮም። ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ከኣ ክውገድ ዘኽእል ክስተት ኣይኮነን። እዞም ታህዋስያን ንቐጻልነት ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ብሰሪ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ዝመጽእ ምቅይያር ኣከባቢ፡ ምስ ግዜ ተጻዋርነት ኣጥርዮም ብህይወት ክሰርሩ ባህርያዊ'ዩ። እዚ ተጻዋርነት፡ ፈርዓዊ ቅይጠት (ጀነቲካዊ ለውጢ) ብምፍጣር'ዩ ዝኽሰት። እዚ ለውጢ ዘዕምታዊ ስለዝኾነ ግዱ ዝፈርዩ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ፈዋስነቶም ንነዊሕ ግዜ ይጸንሕ።

ደቂ-ሰብ ኣብ ኣጠቓቕማ ጸረ-ታህዋስያን ዘለዎም ልምዲ ንምምዕባል ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ዘቀላጥፍ'ዩ። እዚ ልምዲ'ዚ፡ ብመንጽር ጽላት ሕክምናን ሕርሻን ክጥመት መጠኑን ግዜን ዘይሓለወ ኣጠቓቕማ (ኣውሳዕዳ) ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት'ዩ። ከም ሳዕቤኑ ረኽስን ሕማማትን ዘይፍወሰላ ዓለም ትፍጠር። ጸብጻብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ከምዘመልክቶ፡ ኣብ 2019 ጥራይ፡ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ሞት 5 ሚልዮን ሰባት ኣኸቲሉ። እዚ ኣሃዝ ሰለስተ ዕጽፊ ናይ'ቲ ብሰሪ መንሽሮ ሸኮርያን ዝመጽእ ሞት'ዩ። ስለዚ፡ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን፡ ጥዕና ደቂ-ሰብ ኣብ ምውሓስ፡ ዓቢ ብድሆ ኮይኑ ኣሎ። ጽልዋ ኣከባቢ ኣብ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ክርድኣና፡ ተመራመርቲ ሱ-ኣከባቢ ንጸረ-ታህዋስያን ብኸመይ ይጥምትዎም ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ።

ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት፡ ኣብ ቤተ-ምርምር ማዕበሎም፡ ኣብ ኢንዱስትሪ ስለዝፈርዩ ብዓይኒ ክኢላታት ኣከባቢ፡ ሰብ ዝሰርሖም ተራ ኬሚካላት'የም ዝርኣዩ። ምስ ኣከባቢ ዘለዎም ምትእስሳር ብመንጽር ዑደት፡ ተራ ኬሚካላት ይግለጹ። ጽልዋ ኣከባቢ ኣብ ጸረ-ታህዋስያን ንምርዳእ፡ ዑደት ጸረ-ታህዋስያን ምፍላጥ የድሊ። ዑደትኬሚካል - ሓደ ኬሚካል ኣብ ቀጠባ ሕብረተ-ሰብ ዘለዎ ዙረት ማለት'ዩ። እዚ ዑደት ብሰለስተ መድረኽ ይግለጽ። ምፍራይ (ምምስራሕ)፡ ምጥቃምን (ኣገልግሎት) ዳግመ-ምምስራሕን ይብሃሉ።

ንኣብነት፡ ፕላስቲክ ምስራሕካ ኣብ ኣገልግሎት ተውዕሎ። ኣገልግሎት ምስ ኣብቅዐ ድማ ትጉሕፎ። እንተኾኑ ዝተጓሕፈ ፕላስቲክ ብኣከባቢ ተበሊዑ መሸማሸኢ ዝጠፍእ ኣይኮነን። ኣብ ክንዲ ምጉሓፍ ዳግመ-ምምስራሕ ተጠቒምካ ኣብ መዓላ ከተውዕሎ ትግደድ። ኣብ መድሃኒት ግን ብኣንጻሩ'ዩ፡ ዳግመ-ምምስራሕ ተመሪጹ ኣይኮነን። በዚ ድማ ጸረ-ታህዋስያን፡ ዳግማይ ክምስርሑ ስለዘይክእሉ፡ ኣብ ቀጠባ ሕብረተሰብ ዑደት የብሎምን። ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ምስ ፈረዩ፡ ኣብ ኣገልግሎት ምስ ዘይውዕሉን መዓልቶም ምስ ዝወድቕ፡ ክውገኡ ጥራይ'ዩ ዘለዎም። ስለዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሱ ሰለስተ መድረኻት፡ ኣብ ግዜ ምፍራይን ምውጋድን፡ ኣብ ቀዋሚይን ሳልሳይን መድረኽ፡ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ኣከባቢ ቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

ኣብዞም ሰለስተ መድረኻት፡ ጽልዋ ኣከባቢ ኣብ ጸረ-ታህዋስያን ብቐንዱ ምስ ምውጋድ ዝተሓሓዝ'ዩ። ብመንጽር እዞም መድረኻት፡ ምውጋድ ብዙሕ ሸነኻት ኣለዎ። ምውጋድ ካብ ኢንዱስትሪ ተገልገልቲ፡ ቀልቀል ሰብን እንስሳን ናይ ተጠቃምት ኣገልግሎቱ ዝወደቐን ኣብ ኣገልግሎት ዘይውዓለን መድሃኒት ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ጽልዋ ኣከባቢ ኣብ ምምዕባል ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ንምቕጻጻር፡ ኣወጋግዳ ጸረ-ታህዋስያን ብመንጽር ዝተጠቕሱ መድረኻት ክንርኢ ክንፍትን፦

ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ምፍራይ፡ ኢንዱስትሪታት ዘፍርይኦ ደረቕን ፈሳስን ጕሓፋት፡ ቡየም ከም ጸረ-ታህዋስያን ዝጥቀማሉ ኬሚካላት ዝቖመ'ዩ። ንቐይሕ ጽላት (መድሃኒት ዘፍርያን ዝጥቀማን ጽላታት) ዘቖማ ትካላት ዝፈሪ ጕሓፍ፡ ኣሰር ጸረ-ታህዋስያን ዝሓቘፉ እየን። እዘን ኢንዱስትሪታት፡ ዝፍርያኦም ጕሓፋት ብጥበእ ምስ ዘይጉሕፋ፡ ኣሰር (ቅምጦ) ጸረ-ታህዋስያን ናብ ኣብ ኣከባቢ ዝርከቡ ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን ይፍንዉ። ከም ወጽኢቱ እቶም ታህዋስያን፡ እቲ መድሃኒት ገና ኣብ ኣገልግሎት ከይበጽሐ፡ ተጻዋርነት የጥርዩ - ኣብ ኣከባቢ ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን ዘለዎም ታህዋስያን ይፍጠሩ። በዚ'ም ጸረ-ታህዋስያን ዝተበከለ ሰብ ድማ ዝም መድሃኒታት ኣብ ዝወሰደሉ ግዜ ክፍወስዎ ኣይክእሉን። ፈዋስነት ናይ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት'ውን ኣብ መዓላ ከይወዓሉ ይጕድል።

ኣብዚ፡ ቻይና ኣብ ምፍራይን ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ዘመዝገበቶ ምዕባለን መዘዙን ብኣብነት ክንርኢ። እታ ሃገር ኣብ ዝሓለፉ ሸዱሽተ ዓመታት ጸረ-ታህዋስያንን ንዕኦም ንምፍራይ ዘገልግሉ ጥረ-ነገራትን ናይ ምፍራይ ብቕዓታ ብ90 ሚእታዊት ዓቢዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ሸዱሽተ ዓመት፡ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያንን ከም ሳዕቤኑ ዝኽሰት ረኽስን ሕማምን ብ22 ሚእታዊት ኣዘይዱዎ ኣሎ። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ከኣ፡ ወጽኢቱ ኣብ ምፍራይ ጸረ-ታህዋስያን ዝጸግዕ ኢንዱስትሪታት ዝኽተልኦ ዘይውሩጹጽ ኣወጋግዳ ጕሓፍ እዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ቀንዲ ምንጪ ተጻዋርነት ጸረ ታህዋስያን ኮይኑ ዘሎ፡ ብፖዙበረሰናይ ዝልገሱ መብዝሕትኡ ናይ ተጠቃምነት ግዜኡ ዝተቓረበ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት'ዩ። ኣብ'ዚ ከም ኣብነት እትጥቀስ ቦዝንያ እያ። እዛ ሃገር ካብ 1992 ክሳብ 1996 ኣስታት 17 ሽሕ ሜትሪክ ቶን ጸረ-ታህዋስያን ብፖዙበረሰናይ ተለጊሳ። ነቲ ዝተለገሰ ጸረ-ታህዋስያን ክትውግን ልዕሊ 34 ሚልዮን ዶላር ኣውጺኣ። ስለዚ፡ ኣፍረይቲ ትካላት፡ መደበራት ጥዕናን ህዝብን፡ ኣብ ኣወጋግዳ ዕለቱ ዝወደቐን ኣብ ኣገልግሎት ዘይውዕለን መድሃኒት፡ ውርጹጽ ሜላ ምስ ዘይኽተሉ ወጽኢት ሳዕቤኑ ካብ ናይ ቦዝንያ ዘይፍለ ተመሳሳሊ'ዩ።

መድሃኒት ዝቐርባ ትካላትን መደበራት ጥዕናን፡ ኣብ ምውጋን ዕለቱ ዝወደቐን ኣድላይነት ዘይብሉን መድሃኒት ክኽተልኦ ዘለወን ሜላ-


1. ልዕሊ 1200 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ምቕት ኣብ ዘለዎ መግዘር ምቅጻል።
2. መግዘር ምስ ዘይርከብ፡ ዝተሃንደሰ ጉድጓድን ኣከባብን ተጠቒምካ ምቕባር።

ህዝቢ ኣብ ምውጋን ናይ ተጠቃምነት ግዜ ዝወደቐን ኣድላይነት ዘይብሉን መድሃኒት ክኽተሎ ዘለዎ ሜላ፡ ኣይጸንሖን ክሳብ ሕጂ'ውን የለን። ሓኪም ንሰባትኻ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ዝኣዘዘልካ መድሃኒት ጥራይ፡ ብጥበእ ትጥቀም ምስ እትኽውን፡ ኣብ ቤትካ ዝኸፍእ ዓይነት መድሃኒት ክህሉ ኣይክእልን። ህዝቢ ዘይተገልገለሉ ተረፍ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት'ውን፡ ናብ ኣከባቢ ክጉሕፎ ኣይግባእን። ኣብ ክንድኡ፡ ኣብ ውሕስነት ቦታ ክቕመጥ ይግባእ። ብሓፈሻ ዝኾነ ዓይነት መድሃኒት ብሓፈሻ፡ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ኣከባቢኡ ክይጕሓፍ'ውን ሓያል ምክትታልን ተረር ሓለዋን ክዝበር ይግባእ።

ኣብ ግዜ ኣገልግሎት (ተጠቃምነት) ጸረ-ታህዋስያን፡ ኣከባቢ ኣብ ምምዕባል ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ዘይቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ኣብዚ መድረኽ፡ እቲ ንምዕባለ ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ዘቀላጥፍ ቀጠልያ ጽላት እዩ። እዚ ጽላት'ዚ፡ እዚ ጽላት ዚያዳ ካልኦት ጽላት ምስ ኣከባቢ ዝለዓለ ዝምድና ዘለዎ፡ ኣብ እንስሳታት፡ ኣትክልትን ዘራእትን፡ ሕርሻን ባሕርን ምህርቲ ንምኽዕባት፡ ልዕሊ 70 ሚእታዊት ናይ'ቲ ኣብ ዓለም ዝፈሪ ጸረ-ታህዋስያን ዝጥቀም'ዩ። ስለዚ፡ መጠኑን ግዜኡን ዘይሓለወ ኣጠቓቕማ ጸረ ታህዋስያን ምምዕባል ተጻወርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ኣከባቢ ኣብ ምቅልጣፍ ዕዙዝ ግደ ኣለዎ። ከም ሳዕቤኑ፡ ደቂ-ሰብ፡ ወጽኢት ሕርሻን እንስሳታትን ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ፡ ንጸረ-ታህዋስያን ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን ክንበኩል ቀሊዓት ኢና።


ኣብ ሃገርና'ውን መድሃኒትን ክታበትን ዘፍርያ፡ ፋብሪካታት ኣለዋና። እዘን ትካላት ክታበትን መድሃኒታትን ቅድሚ ምፍራይ፡ ዚያዳ ክጸቕጣሉ ዘለወን ኣብ ኣወጋግዳ ዘፍርይኦ ድሩቕን ፈሳስን ጕሓፍ እዩ። ከመይሲ ኣድማዕነት ናይ ዘፍርይኦ ክታበትን መድሃኒትን፡ ኣብ ምዕቃብ ጽሬት ኣከባቢ ዝኽተልኦ ሜላ (ፖሊሲ) ክምርኮሱ ስለዘለዎ። ስለዚ፡ ብሓፈሻን ትካላትን ብፖዙበሪ ክብዓህ ዘለዎ፡ "ጥዕና ንምሕላው'ዶ፡ ሕማም ንምፍዋስ ወጻኢታት ምግባር ይሓይሽ!?"

ኣከባቢና ኣካልና'ዩ። ንሕና'ውን ወጽኢት ኣከባቢና ኢና። ስለዝኾነ፡ ንጽህና ኣከባቢና ምክትታልን ምሕላውን፡ መሰረታዊ ፍታሕ ተጻዋርነት ጸረ-ተሃዋስያን ኣብ ምብዓህ ምኻኑ ተገንዚብና እወታዊ ሓላፍነትና ክንዋጻእ ይግባእ።









ኢንጂነር ኣማን ተዛረ
ክፍሊ ኣከባቢ ሚ/መ/ማ/ኣከባብን



# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ዓይነት መስትያት

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሳላ ተክኖሎጂ ዝተፈላለዩ ዘመናውያን ንብረታት ክፈርዩ ክኢሎም እዮም። ሓደ ካብዚኦም እምበኣር ማስትያት እዩ። ማስትያት ንምስሊ ናይ ሓደ ነገር ብልክዕነት ዘርኢ ብምዃኑ፡ ኣብ ኣገልግሎት ካብ ዝርአዩ ዝተፈላለዩ ንብረት ብቐዳምነት ይጥቀስ። እንተኾነ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ማስትያት ንሓቀኛ ምስሊ ሓደ ነገር ከርኢ ኣብ ዘሸግረሉ እዋን ወይ ደረጃ ክበጽሕ ንርእዮ ኣለና። ምኽንያቱ፡ ገለ ገለ ማስትያት ኣብ ውሽጡ ፍሉይ ቅዲ ዘለዎ ኮይኑ ስለ ዝስራሕ፡ ንምስሊ ሓደ ነገር ካብ ልክዕነት ወጻኢ ኣጋኒኑ ከማዝርኢ እናኾነ ይመጽእ ስለዘሎ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ደቂ-ሰብ፡ ብጹይ ወይ ዓርኪ



ማስትያት'ዩ ክበሃል ይኽእል እዩ። እዚ ግና እቲ ብጹይ ንማስትያት ዘገጽብርቕ ትውክልቲ ቅንዕና ምስ ዝህልዎ እዩ። ብጹይካ ማስትያትካ እዩ። እንተኾነ፡ ሰበር ማስትያት ምስ ዝኾውን ንጌጋኻ ብልክዕ ኣሕሪፉ ኣየርእየካን እዩ። ንገለኡ ሓብኡ ንገለኡ ኣጕሊሑ ክርእየካ እዩ።

ማስትያትይ እትብሎ ብጹይካ ደብዛዝ ማስትያት ምስ ዝኾውን፡ ንገለኡ ኣሕሪፉ ንገለኡ ኣህሲሱ ክርእየካ እዩ። ማስትያትይ እናበልካ ትምክሓሉ ብጹይካ ዘጋግን ማስትያት ምስ ዝኾውን፡ ነታ ንእሽቶይ ዝገበርካያ ጽብቕቲ ነገር ኣዕቢዩ ብምንጋር ምድንጋር ክፈጥረልካ ይኽእል እዩ። ወይ ድማ ነታ ዝተጋገኻያ ቀላል ነገር ክንዲ እምባ ጌሩ ብምቕራብ ኣሉታዊ ስምዒት ክተሕድር ክጉብረካ ይኽእል እዩ።

ናትይ እትብሎ ዓርኪ ልክዕ ማስትያት ምስ ዝኾውን ግን፡ እታ ዘላ ኣብ እዋና እናነበረ ካብ ጫፍ ጌጋ ክመልሰካ ድሕር ኣይብልን እዩ። ዝኸደልካ ነገር ርእዩ ክምላእ ዘለዎ ነገር ይሕብረካ። ነታ ንጓኻ ዘይተረኣየትካ እታ ዝርኣያ ከማዝላታ ክዋግረካ ዝኽእል ብምዃኑ ድማ፡ ብኽብሪ ክተሓዝ ይግባእ። ሓቂ'ዩ! ብጹይካ እዩ ማስትያትካ። ዝተፈላለየ ዓይነት ማስትያት ስለዘሎ ግን፡ እቲ ልክዕ ምስልኻ ዘርኢ ማስትያት ምዃኑ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ናትካ ምዃኑ ኣይትረስዕ።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ሰኢ ኣብ ህይወትና ክገጽ'ቲ ኣብ ምሕቃቕ መግቢ ዝህበና ጥቕሚ፡ ኣብ መልክዕን ፍሽኽታን ዝፈጥሮ ጽባቐ'ውን ብቐሊሉ ዝግመት ከማዝይኮነ እዩ ዝእመን። በዚ መሰረት፡ ሰኢ ንተዓዝቢ ደስ ዘብሉ ማሳጥቲ ኮይናም ንኽነብቖ፡ ኣብ ግዜ ህጻንነት ብዘተዓድድ ንጥፈት ዘውሰኖ ምኽንያቱን ዘይምኽንያቱን ካብኣት ዝተፈልጠ እኳ እንተዘይሃለወ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ክፋላት እዚ ዓለም ዝርከቡ ህጻናት ግን፡ ንጽባቐ ኣሰናኖም ዝቕይድ ኮይኑ ዝተሰማምዐ ሓበራዊ ንጥፈት ከም ዘሰላስሉ እዩ ዝንገር።

ኣብ መብዛሕትኦን ሃገራት ዓለም ዘለዉ ህጻናት፡ ብወለዶም ሓደን ተመሳሲን ንጥፈት ከዘውትሩ ከም ዘለዎም'ዩ ዝንገሮም። ኣብ ግሪኽ፡ ታይዋን (ቻይና)፡ ኮርያ፡ ህንዲን ካልኦት ሃገራትን ዝርከቡ ህጻናት፡ ናይ ፈለማ ኣሰናኖም ክስርፉ ኣብ ዝጀምሩሉ እዋን፡ ብወለዶም ዝወሃቦም ሓበሬታ ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ኣሰናኖም ናብ ዝበን ናሕሲ ክድርብዩ ከም ዘለዎም እዩ። እዚ ልምዲ'ዚ ካብ ቀዳሞት ወለዶ ዝተወርሰ ክኾውን ከምዝኽእል ድማ ይንገር።

እዚ ሰኢ ናብ ናሕሲ ናይ ምድርባይ ማሰርሒ፡ ሃዎም ኣብ ሳዕሲ ኣብ ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝነብሩ ህጻናት ዝሀቦ ረብሓ ብሓፈሻ ክትንተን እንከሎ፡ ኣሰናን ግቡእ ማሰርያም ሐዞም ንኽነብቑሉን ክዕብዩን ከምኡ'ውን ወሃንቲ ድልዱላትን ጥዑያትን ኣሰናን ንክኾኑ ርሒብ ባይታ ዝፈጥር ተባሂሉ ከም ዝግለጽ ይሕበር። እዚ ከማዚ ዝበለ ንጥፈት ኣብዘን ሃገራት ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ኾነ ክሳብ ሕጂ ይዘውተር ኣሎ። እንተኾነ፡ ክውንነቱ ክሳብ ክንደይ ልክዕነት ኣለዎ ፍሉጥ ኣይኮነን። እዚ ዓይነት ንጥፈት ኣብ



ሃገርና'ኸ ብኸመይ ዓይነት ኮን ይጥመት ይኾውን? ብርግጽ ኣብ ገለ ከባቢታት ሃገርና ከማዚ ንኽነብሩ ብወለዶም ዝነገርም ህጻናት ስለ ዘለዉ። ብዝዕባዚ ኣፍልጦ ዘለኩም ግዱሳት ወገናት ርእይቶኹም ክተቕርቡ፡ በዚ ኣጋጣሚ ዓድዲ ቁርሲ ሰንበት ትዕድም።

## ትዝክርዶ?

1.ንትምህርቲ ክትብገስ እንከለኻ፡ ኣዴኻ "ንዓ እሰኪ እዚ ወደይ! ፋሕሺኻ ኣለኻ" ብምባል፡ ዘኾነ ትሕዝቶ ቅብኣ ዘይብሉ ክንሳ ብኢዳ ንገጽካን ርእስኻን ድርዝ ኣቢላ፡ ንዓኻ ብዘየርድኣካ ስምዒት ስዕም ኣቢላ "ኪድ በል ሕጂ ዝወደይ" ኢላ ከተፋንወካ ትዝክርዶ?

2.ትዝክርዶ? ኣብ ንእስነትካ ዝተገዝኣልካ ሽዳ ሳእኒ፡ ብኣኽድርን ከዕሶን ብትኽትኽ ኣብልካዮ ናብ ቤትካ ክትምለስ፡ ሽዑ ንወለድኻ ብዘይ ዝኾነ ስክፍታ ግዝኣለይ ክትብሎም። ከሉ ወለድኻ ዝገበሩልካ ወጻኢታት ክንደይ ከምዝኾነ ሓሲብካሉ'ዶ ትፈልጥ?

3.ትዝክርዶ? ኣብ ቤትኩም ዝበረ እንጀራ ምስ ኣሕዋትካ ተኻፊልካ በሊዕካ ከተብቅዕ ጠላሕ ምግቢ ስለ ዝኣበየካ ዓይኒ-ዓይኒ ወላዲትካ እናጠመትካ፡ "እቲ ኣደይ ኣነስ ኣይጸገብኩን" ክትብላ? ድሕሪ'ዚ ኣደኻ ጎልፎአ ሰብሰብ ኣቢላ፡ "እንካ በል ኣደይ ብላዕ ንሱ'ዩ ተረፉኻ" ክትብለካ እንከላ ዝበረ ዝተፈራረቐ ናይ ሰሓቕን ሕርቃንን ስምዒትካ ትዝክርዶ?

4.ትዝክርዶ? ኣደኻ ንግሆ ካብታ ጸብሒ ተሰሪሕዋ ዝሓደረት ጻሕሊ ነተን ተረፍ ጸብሒ ብጣይታ እናሓንሰሰት፡ "እንካ ዝወደይ መግረይ!" ኢላ እታ ዝመቀረት ኮላሶ ክተኸፍልካ። ብተወሳኺ በተን ኣብ ኣእዳዋ ዝተረፋ ሐደት መግቢ ቁሩብ ፅንጋሎት ትረክብ እናማሰለ ነዐኣ'ውን ሕጥጥ ኣቢላ ደጊማ ናብ ኣፍካ ክትመልሰልካ እንከለኸ ትዝክርዶ?

5.ትዝክርዶ? ኣብ ገዛ ምስ ኣሕዋትካ ረቢሽን ዕግርግርን ፈጢርካ ስርዓት ምግባር ክትኣቢ፡ ሽዑ ኣደኻ ዓቕላ ጸንቂቓ፡ "ወይለይ ጸጊብካ እንዲኻ! ካብ ሸይጣንካ ሸይጣነይ ይገድድ" ትብል ቃል ምስ ኣስመዓትካ፡ ብዘይ ዝኾነ ድምጺ ንኹሉ እምብጋር ረሲዕካ ኣጸቅጥ፡ ትምሕትም ክትብል ከለኻኸ ትዝክርዶ?



6.ትዝክርዶ? ምሸት ምሸት ድሕሪ ኩሉ ንጥፈታትካ ኣብ ገዛውትኹም ምስ መተዓብይትኻ ደስ ዝበለካ ዕላል ክተዕልል፡ ሽዑ እያም ነኣሽቱ ኣሕዋትካ በብተራ፡ "መሬት መሲዩ ንዓ እቶ ትብሃል ኣለኻ" እናበሉ በብሓደ ናጦኻ ክመጽኡ ትዝክርዶ? ድሕሪ'ዚ ንኹሎም ኣሕዋትካ ሕራይ እናበልካ መመለሲካ ዕላልካ ክትቅጽል፡ ቀጺልካ እቲ ካልኣይ ዝተለኣኸ ሓው'ኻ ቀልጢፍካ ንኽትመጽእ ብምባል፡ "ንዓ ቀልጥፍ ድራር ንጸበየካ ኣሎና ትብሃል ኣለኻ" ክብሉኻ፡ ንሽኻ ሸውዓ ጸማም እዝኪ ሂብካ ዕላልካ ክትቅጽል፡ ኣብ መወዳእታ ኣደኻ ባዕላ መጺኣ "ኣጦኻ ደጸበየካ ኣሎ" ኢላትካ ብድድ ኢልካ ተንሲእካ ደድሕራኣ ኬድካ ቅድሚ ገዛ ምእታውካ፡ "እንታይ ዓርኩ ኢዩ ከጸንሕ ጸኒሑ" ኢላ ኣዘራሪባ ክትጸንሓካ ዝተሰምዓካ ሩፍታ።

ፍቕርን ዝኽርን ናይ ኣደ መተካእታ የብሉ'ዩ ክብሪ ንወለድና!

## ብጽሒት ህይወት

ኣብ ህይወት ኩሉ ነገር ደረት ኣለዎ። ማጠሩ ዝሓለፈ ነገር ጉዳኢ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዋላ'ውን እቲ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝበሃል፡ ንኣብነት፡ ከም መዓር ዝጥዕሙን ዝህረፍን ምቁር መግቢ የለን። እንተኾነ፡ ኣመና እንተ በዚሑ ናብ ከቢድ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከብጽሓካ ይኽእል እዩ። ነዚ ዝተዓዘቡ ሰባት ከኣ፡ "ብላዕ ማጠን ኣይትሕለፍ ካብ ዓቐን" ክብሉ ይሰምዑ። ከምቲ መዓር እንተ በዚሑ ዝዕርዕር፡ ማጠሩ ዝሓለፈ ክብረት ንስብእ ምርኣይ'ውን ከንፅቖካ ይኽእል እዩ።

እዚ ተርእዮታት፡ ካብ ዓቕሙ ዝሓለፈ ሕማም ዘፍሊ የብሉን። ብዝተፈላለየ መንገዲታት ንዝተላለኸዮ ሰብ - ከም ሰብ ማጠን ክብሪ ክትልግሰሉ ባህሪያዊ እዩ። ነቲ ዝበረ ኩነታት ሓሊፍካ ደሓን ዝምድና ኣብ ዝጀመርካሉ ግዜ ከኣ ደሃይ ክትገብር ንቡር ይኸውን። እንተኾነ፡ ገሉ-ገለ ሰባት ነዚ ዘይግቡእ ኣንፈት ከትሕዝዎ ደረኣዩ እዮም። ተገዳሽነት ብዘመልኣ መንፈስ ደሃዮም ክትገብር ካብ ዝበል ሓሳብ ተደጋጋሚ ናይ ሞባይል መልእኽቲ ትጽሕፈሎም'ሞ፡ ነቲ ብልክዕ ካብኦም ክትጸበዮ ዝግበኦካ ግብረ-መልሲ ጉዳፍም ግዜ ቀቲሎም ዘጽግብ መልሲ ይህቡኻ።

ንሽኻ ግን ግብርም ስለ ዘየርድኣካ ዘይተኣሰ እቲ ዝምድና ዚያዳ ስለ ዘበደሶካ ሽለል ክትብሎም ትመርጽ። በዚ ኣጋባብ ኣብልካ ከኣ መመለሲካ ክብሪ ካብ ምልጋስ ዘይክተዕርፍ ትኽእል ትኸውን። እንተኾነ፡ ድሕሪ ግዜ ካብ'ዞም ሰባት ዘይተጸበኻዮ መልሲ ክመጽኣካ ይኽእል እዩ። ገለ ካብኦም፡ "ኣታ ንሽኻ እዚ ግዜኻ ኣብ ካልእ ዘይትጥቀመሉ? ኣኸለካ 'ከመለኻ? ደሓን ዲኻ? ስድራ ከመይ?' ክትብል ክትነብር" ብምባል፡ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣጦኻ ክብሪ ከምዘይብሎም ብዘሰምዕ መንገዲ ክምልሱልካ ድሕር ኣይብሉን። እዚ ማለት ከኣ፡ ንፍስም ከም ብኸሉ ሰብ ተሓሪፍቲን ተደለይቲን ኣምሲሎም ብምቕራጽ፡ ኣጦኻ ክብረት ክርእዩ ኣይክእሉን።

ማበሲን መልእኽቲን'ዚ ዘረባ ርዱእ እዩ። እቲ ማጠሩ ዝሓለፈ ክብረትን 'ክብረት ኣይግበኣንን እዩ' ዘሰምዕ ቃላቶምን እዩ። እዞም ሰባት ትርጉም እዚ ቃላት ክርድኦም ዝኽእሉ፡ ንሽኻ ካብኦም ምስ ተፈለኻን ካልኦት ሕርሕራይ ጊዩርም ከቦኞጭውምምን ከሕሶርምምን ምስ ተዓዘቡን ጥራይ እዩ።

እምበኣርከስ፡ ሰባት ከምኡ ካብ ኮኑ ንሽኻ'ውን ከምኣታቶም ኣይትኹኑ። እትኽተሎን እትኸዶን ዘለኻ መንገዲ እቲ ቅኑዕ ምኻኑ ኣስተብህል። ሰብ ምኽብር ትርጉሙ ነፍስኻ ምኽብር ደኣ'ምበር ሰብ ምኽባር ኣይኮነን። ዝኾኽብረካ ሰብ ዓቕሙ ዝሓለፈ ክብረት ምሃብ ግን፡ ብጸጸ-ኢደካ ሕሰረት ምሽማት ምዃኑ ኣይትዘንግዕ። ገዛኡ-ነፍስኻ ምክንኻን ሰናይ ነገር እዩ። ሰብ ከይትብድል እምበር ሰብ ከይበድለካ ኣይትፍራህ። ምኽንያቱ፡ ድሕሪ ንሰብ ምብዳልካ ሕልናዊ ሩፍታ ስለዘይህልወካ። ሰብ እንተ በደለካ ንፍሱ ኣይበል'ምበር ንሽኻ ናጻ ኢኻ። ልዕሊ ኩሉ ግን፡ ኩሉ ግዜ ንፍስኻ ኣብ ቦታ በዓሊን ተበዓሊን ኣእቲኻ ስምዒታቱ ክትመዝን ከኣል። ሓደ ዘይተፈልጠ ሰብ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከምዚ ክብል ጽሒፉ ነይሩ - "ሕማም ብጽሒት'ዩ ሕክምና ድማ ውሳኔ። ሓዳር ብጽሒት'ዩ ፍትሕ ድማ ውሳኔ እዩ። ኣብ ህይወትካ ሰባት ምህላዎም ብጽሒት'ዩ ምሕላዎም ድማ ናትካ ውሳኔ እዩ።" ስለዚ፡ ነቲ ብጽሒትካ በየናይ መንገዲን ኩነታትን ናይ ምዕቃብ ይኹን ናይ ምእላይ ውሳኔታት ትህቡ ምርጫኻ ይኸውን።



## መልሲ ሰደኩ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 6 | **5** | **1** | 3 | 4 | 9 | **8** | 2 | 7 |
| **8** | 7 | 2 | 5 | 1 | **6** | 4 | 3 | 9 |
| 9 | 3 | 4 | **2** | **8** | 7 | 5 | **1** | **6** |
| 2 | 8 | 5 | **1** | **7** | 4 | **9** | 6 | 3 |
| **4** | 1 | 6 | 8 | 9 | 3 | 2 | 7 | **5** |
| 3 | **9** | 7 | 6 | **5** | 2 | **1** | 8 | 4 |
| 5 | 4 | 8 | 7 | **6** | 1 | 3 | 9 | **2** |
| **7** | **2** | 9 | **4** | 3 | 8 | 6 | **5** | **1** |
| 1 | 6 | **3** | 9 | 2 | **5** | 7 | 4 | 8 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

中国五矿

恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME) is inviting applicants for the following positions for Asmara Copper-Gold Polymetallic Project Site.

Position-16: Heavy lifting technician for installation
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 2
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:
1. Have the ability to skillfully use professional skills and special skills to complete the complex and unconventional work of installation lifting.
2. Master the key technical skills of installation lifting, be able to independently deal with and solve difficult technical problems or process problems.
3. Have his own innovation in the lifting operation.
4. Have a certain technical management ability.
5. Be able to instruct and train primary, intermediate and advanced lifting worker
6. Complete other tasks assigned by the leaders.
Qualification and Other Skills:
Education: Junior high school or above
Work experience: 10 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy and disease-free, able to work for long hours..
2. Positive, open-minded and careful.

Position-17: Instrumentation technician
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 2
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:
1. Have the ability to skillfully use professional skills and special skills to complete the complex and unconventional instrumental work.
2. Master the key technical skills of the instrumentation profession, and be able to independently deal with and solve the difficult technical problems or process problems
3. Have his own innovation in installation, maintenance, servicing of instruments and meters.
4. Have a certain technical management ability
5. Be able to instruct and train junior, intermediate and senior instrumentation workers
6. Complete other tasks assigned by the leaders.
Qualification and Other Skills:
Education: High school or above
Work experience: 10 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy, able to work for long hours..
2. Positive, open-minded and careful.

Position-18: Terra-mesh system technician
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 3
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:
1. Have the ability to skillfully use professional skills and special skills to complete the complex and unconventional Terra-mesh work.
2. Master the key technical skills of the work, and be able to independently deal with and solve difficult technical problems or process problems.
3. Have his own innovation in Terra-mesh installation.
4. Have a certain technical management ability.
5. Be able to instruct and train junior, intermediate and senior Terra-mesh workers.
6. Complete other tasks assigned by the leaders.
Qualification and Other Skills:
Education: High school or above
Work experience: 10 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy, able to work for long hours..
2. Positive, open-minded and careful.

Position-19: Drainage and plumbing system technician
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 5
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:
1. Have the ability to skillfully use professional skills and special skills to complete the complex and unconventional water supply and drainage work.
2. Master the key technical skills of water supply and drainage work, and be able to deal with and solve difficult technical problems or process problems.
3. Have his own innovation in the water supply and drainage work.
4. Have a certain technical management ability
5. Be able to instruct and train junior, intermediate and senior drainage and plumbing system workers
6. Complete other tasks assigned by the leaders.
Qualification and Other Skills:
Education: High school or above
Work experience: 10 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy, able to work for long hours..
2. Positive, open-minded and careful.

Position-20: Steel structure installation technician
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 3
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:
1. Participate in construction organization design, preparation of technical documents, special plans and operation instructions for steel structure installation and construction, and cooperate for implementation of the project technical management work plan.
2. Follow up installation of the steel structures of the project according to the plan, and participate in organization of on-site production and production scheduling.
3. Timely solve the various technical problems regarding steel structure installation drawings, steel structure installation and construction site, steel structure installation materials, and optimize the steel structure installation and construction scheme, and make timely communication and feedback to ensure that the problems are solved.
4. Organize certification, collection, sorting and filing of steel structure installation technical data and design changes, and make sure that they are accurate, timely and comprehensive.
5. Complete other tasks assigned by the leaders
Qualification and Other Skills:
Education: University diploma or above
Work experience: 3 years

Additional skills and abilities:
1. Healthy and disease-free, able to work for long hours..
2. Positive, open-minded and careful.

Address: Please send your application to;
ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME)
P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea

Note: You may also send to Ministry of energy & Mines
Department of Mine –Human Resource Management
P.O.Box 272 Asmara, Eritrea

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ከባቢ ዓዲ-ኣኮሎም ኣብ ገሸናሽም፡ ፕሎት 1፡ ፓርሰል ‘A’ ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1LRSJK000001 ዝፍለጥ ትካል መፍረ እንስሳን ቀለብ እንስሳን ኣብ 1,900 ሄክታር ዝተደኮነ ብሚኒስትሪ ማይን መሬትን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር በመለለዪ ቁ/ንብረት 1LRSJK000001 ዝፍለጥ ኣብ 6,388.37 ት/ሜ ዝስፍሓቱ መሬት ዝተደኮነ፡ ብክፍሊ መሬት ሚኒስትሪ ማይን መሬትን ኣከባብን ብማሰል ተጠቀምነት (lease) ብስመይ ዝተፈቐደ መሬት ሕርሻ ኣሎ። ነዚ ተጠቒሱ ዘሎ ንብረት ብምዕብርነት “ጸጋና መፍረ ጸባን ወጽኢቱን ሓ.ዝ.ብ.ና፣ ዝተሰምየ ካምፓኒ ብምቛም ብርክታት ወኪነ ኣለኹ። ስለዚ ድማ እቲ ብስመይ ዝነበረ ማሰል ተጠቀምነት ብስም ጸጋና ሓ.ዝ.ብ.ማ ይኸውን ስለዘሎ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብዚ እዚ ምልክታ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መአገዲ ከቕርብ ኢሕብር።

ደመት ሃደለ ይሕደገ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

中国五矿

恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME) is inviting applicants for the following positions for Asmara Copper-Gold Polymetallic Project Site.

Position-21: Equipment installation technician
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 3
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:

1. Participate in construction organization design of project equipment installation and construction, and preparation of technical documents, special plans and operation instructions, and cooperate for implementation of project technical management work plan.
2. Follow up the project equipment installation according to the plan, and participate in organization of on-site production and production scheduling.
3. Timely solve the various technical problems regarding equipment installation drawings, equipment installation and construction site, equipment installation materials, optimize the equipment installation and construction plan, and make timely communication and feedback to ensure that the problems are solved.
4. Collect and sort out the equipment installation technical management plan, technical disclosure documents, construction drawings, process data and documents and materials within the scope of control responsibility, and support the related settlement work.
5. Organize certification, collection, sorting and filing of equipment installation technical data and design changes, and make sure that they are accurate, timely and comprehensive.
6. Complete other tasks assigned by the leaders.

Qualification and Other Skills:
Education: University diploma or above
Work experience: 3 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy, able to work for long hours..
2.Positive, open-minded and careful.

Position-22: Construction crew and technician
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)
Number Required: 3
Contract Type: Definite (1 year)
Major Duties and Responsibilities:

1. Implement the overall construction plan of the project.
2. Put forward the measures to ensure the project construction, safety and quality, and organize implementation.
3. Coordinate the construction progress, quality and safety of installation and civil engineering work.
4. Supervise and be responsible for the technical work summary of each sub-item.
5. Supervise the construction materials and equipment to enter the site on time and in acceptable conditions, to ensure the smooth progress of the project. Participate in drawing review and preparation of project schedule.
6. Maintain records on the construction logbook on time and accurately.
7. Complete other tasks assigned by the leaders.

Qualification and Other Skills:
Education: University degree or above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1. Healthy, able to work for long hours..
2.Positive, open-minded and careful.

General Information and other requirement
* Place of Work: Embaderho Site
* Salary: As per the Company scale
* Type of contract: Definite (One year)

Additional requirements for nationals
* Having fulfilled his/her national service obligations and provide evidence of Release paper from Ministry of Defense
* Present clearance from current /last employer or Unemployment card from Labor office
* Testimonial documents to be attached (CV,work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
* Only short listed applicants will be considered as a potential candidate for an interview
* Application documented will no be returned to sender.
* Deadline for application is two Weeks from the date of publication on the newspapers.

Address: Please send your application to;
ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME)
P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea

Note: You may also send to Ministry of energy & Mines
Department of Mine –Human Resource Management
P.O.Box 272 Asmara, Eritrea

### ምስጋና



ብሃንደበታዊ ሕልፈት ኣዚና እንፈትዎ ተሰፋልደት ሃብታይ ክፍሉ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ እስራኤል እትርከቡ ማሕበረትም ኤርትራውያን ደቂ ሓደ ልቢ፥ ራሳ ኣብ ምልኣኽን ስድራቤት መዋቲ ከይዘኸትሙ ዘርኣኽትሙ ግዝኦዊ ሓገዝን ከምኡ'ውን ኣብኡ፡ ግቡእ ናይ ሓዘን ስነስርዓት ብምምርካትኩምን ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ሃገረ ሽወደን እትርከቡ ማሕበረትማትን ኣሕዋትን ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም እትርከቡ ኣሕዋት ዘርኣኽትሙ ግዝኦዊ ሓገዝ፡ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፣ ህዝቢ ኣንቶረን ከባቢኣን ዘቃበርኩምናን ዘተሓዘንኩምናን ከምኡ'ውን ካብ ኣስመራ ናብ ኣንቶረ ራሳ ዘፋነኹም ሕሰም ኣይትርከቡ፡ የቐንየልና!

ብዓልቲ ቤቱ ለተዝጊ ተኽለማርያም
ወላዲቱ ቅዱሳን ገብረማርያም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት


### ምስጋና



ብዕረፍቲ እኑፍቅሮ ሓውና ሃብተኣብ ስዩም ተኽለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ራሳኡ ኣብ ምልኣኽ ዘድሊ ኩሉ ዝገበሩ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገረ ኣመሪካ፡ ማሕበረትም ሲያትል መተዓብይቲ ማይ ተመናይን ስድራቤትን ከምኡ'ውን ኣብ ኣብርዳእ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ።

ኣሕዋቱ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ሓጎስ ቀኛ. ገብረስላሴ ወልደማርያም፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሞም ተመላለስኩም ዝበጻሕኩሞምን ምስ ዓረፉ ድማ ክሳብ መካነ መቓብር ሓዙሓዝ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ደገን ወሽጥን እትርከቡ ኣሕዋትን ቤተሰብን ፈተውትን ቴሌፎን ብምድዋል ዝሓተትኩምን ዘጸናናዕኩምን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣሰፋሽ ሃይለ
ምስ ደቃንን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብድንገታዊ ሞት እኑፍቅሮ ወድና ሳምሶም ኣሰፋው ብርሃ፡ ኣብ መበል 30 ዕድሚኡ ኣብ ሃገረ ዴንማርክ ስለ ዝዓረፈ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ-ጓዕዳድ ዘቃበርኩምና፣ ካብ ውሽጥን ወጻኣን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምና፣ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፣ ብፍላይ ድማ ተቐማጦ ሃገረ ዴንማርክ ኤርትራውያን ካብ ግዜ ሓደጋ ጀሚርኩም ክሳብ ሬሳ ምፍናው ዝተሓባበርኩም ብስም ምሉኣት ስድራቤት ነማሰግን፡ ሓዘንና ዓጺና ኣለና ሕሰም ኣይትርከቡ።

ኣቡኡ ኣቶ ኣሰፋው ብርሃ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኤልሳ ርእሶም
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

BISHA MINING
Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1
Fax: (+291)
www.bisham

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Auxiliary Equipment Supervisor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Direct supervision of the Auxiliary Machines Crew and Crew Leader.

**Main functions**

- The Supervisor will be responsible for maintenance activities on tools and equipment, including performing pre-op inspections, repairs and preventive maintenance tasks when appropriate, along with the accompanying reporting.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Assisting the General Foreman in forecasting and planning of maintenance and repairs of Auxiliary Equipment.
- Ensuring safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of appropriate PPE.
- Collecting Planned Maintenance Schedule from Planning office and distributing work to the crew leader and team members.
- Identifying high priority tasks for each day and allocating resources accordingly.
- Conducting checks to ensure maintenance and repair of equipment is carried out in an efficient and effective manner in order to minimize unplanned downtime.
- Performing regular machine audits and reporting all potential breakdowns to the General Foreman for further action before an actual breakdown occurs.
- Ensuring that all Section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.
- Ensuring that the necessary maintenance parts and materials are always available by conducting regular stock checks and advising the Planning Section of movements in stock levels.
- Compiling daily progress reports for the Section as well as suggestions brought up by the Technicians and other Section operatives.
- Preparing equipment maintenance reports by collecting, analyzing and summarizing information and trends.
- Instructing subordinates in proper work methods and standards; monitoring crew work quality; insuring adherence to time schedules and safe work practices, provide performance feedback and input into performance reviews.
- Leading the crew and participating in performing a wide variety of maintenance and repair tasks (hands-on-leader).
- Assisting the General Foreman in conducting performance evaluations of crew members.
- Working with the Supervisor to identify manpower needs within the Section; identifying opportunities for Crew members to learn new Technologies.
- Supporting and enforcing the National Artisan Training program conducted by the HME and Training and Development Departments.
- Ensuring safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of appropriate PPE.

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically and medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Minimum Technician Certificate in Diesel Mechanic | ○ 8 - 10 years with HME Maintenance and repair in a Mining environment |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Basic Computer Literacy<br>○ Attention to detail<br>○ Analytical skill<br>○ problem solving skill Should have advanced understanding of hydraulic, Diesel systems<br>○ Preferable previous experience on forklift, skid steers, mobile cranes, telehandlers, TLB'S | ○ Communication (English)<br>○ Assertiveness<br>○ Prioritizing skills & multi-skilling<br>○ Ability to work towards strict deadlines<br>○ High level of accuracy<br>○ Self-motivation |

**Position: Project Mechanical Engineer**

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Project Engineer will specialize project execution and responsible for project engineering planning, procurement and execution of projects.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
  - Provide engineering quality systems required for specific capital budgeting
  - Assist in cost and budget and schedule planning for engineering packages
  - Prepare project resource planning with project stakeholders
  - Establish commissioning and project operational readiness matrixes for various projects
- Executing
  - Perform all quality checks, review and document as part of quality control protocols on all projects
  - Provide stage guidance for projects as far as mechanical engineering is concern
  - Perform and review adherence of QMS on projects by supervisors
- Closure
  - Champion the preparation of all documentations as part of project handover
  - Formalize document storage procedures for on projects for all mechanical engineering scope

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Attention to detail and ability to enforce engineering standards as required by specifications
- Excellent understanding of quality management systems on complete project life cycle
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Recognized trade certificate in engineering<br>○ Certification from an internationally recognized engineering body | ○ At least 10 years of continuous experience in a similar role in a mining, engineering and construction background<br>○ Advance understanding in project engineering and project life cycle management<br>○ Ability to formalize engineering procedures, templates and structures on projects |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Proven working experience as a Project Engineer<br>○ Advanced MS Office skills<br>○ Familiarity with engineering rules, regulations, best practices and performance standards<br>○ Ability to work with multiple discipline projects<br>○ Project management and supervision skills | ○ Assertiveness<br>○ Good communication skills<br>○ Organised<br>○ Team player |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ኣቶ ተስፋልደት ሚካኤል፣ ተኸሳሲ. ወ/ረ ኣፍ/ዘርኣያ ሃብተስላሴ 1. ገሊላ ዘርኣይ 2. ሄርሞን ዘርኣይ 3. ፊሊፖስ ዘርኣይ 4. ጉዕም ዘርኣይ ንናይ መኪና ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ልዋም ክፍለ ወልዳይ፣ ተኸሳሲ. ኣቶ ክብሪት ስብሃቱ ክፍለማርያም፣ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ በረኸት በየነ ወልደዳዊት፣ ስም ኣደይ ተብርህ ሓድጉ ኃይትኦም ምባል ተረፉ፣ ተብርህ ሓድጉ ጎጆ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤትፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣዜብ ተስፋዝጊ ተስፋጊርግሽ፣ ኣቦይ ተስፋዝጊ ተስፋጊርግሽን ኣደይ ጸርሃ ባህልቢ ጉብራይን ስለዝዋረፉ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትሓዊት ጉብረእግዚኣብሄር፣ ብዓል ቤተይ ናትናኤል ኪዳነ ዘርኣይ ስለዝተሰውኣ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 2 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ፍዮሪ ግርማይ ተከስተ ምባል ተረፉ፣ ፍዮሪ ከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## NOTICE

**Notice is hereby given to the public that "TSEGAWIT Private Limited Company" has been formed among the following members.**

**A) Shareholders**

| S/N | FULL NAME | NATIONALITY | ADDRESS | NO. OF SHARES | VALUE OF SHARES |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Tsegay Kidane Weldetinsae | Eritrean | Asmara | 110 | 1,100,000 |
| 2 | Mrs. Samrawit Teklehaymanot Zere | Eritrean | Asmara | 110 | 1,100,000 |
| | Total | | | 220 | 2,200,000 |

B) **The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.**

X) **The total fully paid up capital of the company is Nakfa two million and two hundred thousand (2,200,000.00) divided in to two hundred and twenty (220) shares of par value of Nakfa ten thousand (10,000.00) each in cash and in kind.**

Δ) **The business purposes of the company shall be:**

- To engage in the business of any kind of food processing among others animal feed, milk & milk products, packed pepper, shiro, spices, hilbet, salt mill & distribution & others.
- To engage in the provision of grain, pepper, spices, salt, and shiro mill services.
- To engage in the whole sale and retail of fruits and vegetables, meat, crops, agricultural and building materials, retail and maintenance of second hand goods.
- To engage in the manufacturing of wood, metal, aluminum, and plastic furniture and fixtures, and garment manufacturing & retail of readymade clothes & apparels and other products.
- To engage in the agricultural activity of animal breeding and fattening, dairy farming, mixed farming, horticulture, beekeeping, and others
- To engage in the business of hotel, guest house, bar and restaurant, recreation center, resorts, barber, shower and multi-beauty treatment & related services, and transport services like trucks and taxi services
- To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, clearing and forwarding, brokerage, wholesale, and retail of related activities.

E) **Mrs. Samrawit Teklehaymanot is appointed as the general manager for unlimited period of time.**

Φ) **The period for which the company is established is unlimited.**

TSEGAWIT PRIVATE LIMITED COMPANY

ጸጋዊት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር


## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

**ALPHA** PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

### ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴለ. 07151337 ወይ 07282165





ኣቶ መድሃኔ ብርሃ ደስሓቕ፣ ዝተፈቕደሎም ናይ ምሻጥ ጎማ መኪናን ባዝርን ንግዳዊ ትካሎም "ሚራክል መሸጢ. ጎማ መኪናን ባዝርን" (MIRACLE RETAIL OF TYRES AND BATTERY) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ. ወሰጣዊ ንግዲ

ዚ. ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 809 ቁ.ገዛ ዝርከብ ገዛ ብቁጽሪ ወረቐት 111914 መወከሲ. ቁጽሪ 119615 ዝፍለጥ፡ ብስም ወላዲተይ ነ/ሄር ለተኑፋኤል ቀለታ ደባስ ተመዝጊቡ ዝርከብ ብውርሲ. ዝረኸብኩዎ ገዛ ካብ ስም ኣውራሲተይ ናብ ስመይ ወ/ሮ ሓረጉ መንግስተኣብ ጉብረሚካኤል ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግና ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳይ ምትሕልላፍ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሓረጉ መንግስተኣብ ጉብረሚካኤል
ወኪል ወ/ሮ ዑቕባ ተስፋሚካኤል ቀለታ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' 2024-25 . . .

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ከተሶ እግሪ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ ዓመት 2024-25፡ ዝሓለፈ 3 ሕዳር ምፍላዩ ይዝከር።

ብዮጦም ናይተን ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ዝሰገራ ፓራ-ዲዞን ሓይሊ ኣየርን ዝጀመረ እዚ ውድድር፡ ብሰንኪ ሕክምና ተጻወትቲ ምኽያድን ምጽፋፍ ሓደስቲ ሰሩዓትን መምርሒታትን ንኽልተ ቅነ ኣቋሪጹ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ ሰንበት ብኽልተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል እዩ። ደንደን ኣንጻር ማይ ተመናይ፡ ኣዱሊስ ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ድማ ክጻወታ እየን።

ብሓፈሻ ክሳብ ዝሓለፈ ወቕቲ 2023-24 ዝተዓወታ ጋንታታት ምስ እንርኢ፦

| ዓመተ-ውድድር | ዕወትቲ ጋንታ | ዓመተ-ውድድር | ዕወትቲ ጋንታ |
|---|---|---|---|
| 1992-93 | ኣልታሕረር | 2007-08 | ኣስመራ በራ |
| 1993-94 | ኣዱሊስ | 2008-09 | ቀይሕ ባሕሪ |
| 1994-95 | ኣይተኻዩደን | 2009-2010 | ቀይሕ ባሕሪ |
| 1995-96 | ኣዱሊስ | 2010-11 | ማይ ተመናይ |
| 1996-97 | ምድላው መግቢ | 2011-12 | ገዛ ጥኑዳ |
| 1997-98 | ቀይሕ ባሕሪ | 2012-13 | ኣስመራ በራ |
| 1998-99 | ቀይሕ ባሕሪ | 2013-14 | ገዛ ጥኑዳ |
| 1999-2000 | ቀይሕ ባሕሪ | 2014-15 | ቀይሕ ባሕሪ |
| 2000-01 | ህንጻ | 2015-16 | ደንደን |
| 2001-02 | ቀይሕ ባሕሪ | 2016-17 | ደንደን |
| 2002-03 | ደንደን | 2017-18 | ቀይሕ ባሕሪ |
| 2003-04 | ኣዱሊስ | 2018-19 | ቀይሕ ባሕሪ |
| 2004-05 | ቀይሕ ባሕሪ | 2022-23 | ደንደን |
| 2005-06 | ኣዱሊስ | 2023-24 | ቀይሕ ባሕሪ |
| 2006-07 | ኣልታሕረር | | |

## "ሮናልዶ፡ ክብረ-ወሰነይ ምስባሩ ሕጉስ እየ" ዓሊ ዳይ

ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት 100 ሽቶታት ብምምዝጋቡ ብዘበሐ ሽቶታት ናይ ፈለማ ወዲ ተባዕታይ ተጻዋታይ ከዕሶ እግሪ ዝበሃል ክብሪ ዝረኸበ ኢራናዊ ዓሊ ዳይ፡ ክብረ-ወሰኑ ብክርስትያኖ ሮናልዶ ምስባሩ ሕጉስ ምዃኑ ገሊጹ።

ዓሊ፡ ካብ 1993 ክሳብ 2006 ብምልእ ሃገሩ ኣብ ዝተጻወተሉ 148 ግጥማት፡ 108 ሽቶታት ብምቁጻር ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ተባሂሉ'ዩ ዝጸዋዕ ነይሩ - ክሳብ ሮናልዶ ኣብ መስከረም 2021 ዝሰብሮ። ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዝጸንሐ ክብረ-ወሰን ዳግማይ ብስሙ ኣብ ምጽሓፍ ዝርከብ ሮናልዶ፡ ኣብዚ እዋን 135 ኣህጉራዊ ሽቶታት ኣመዝጊቡ ምህላዉ ይፍለጥ።

ዳይ፡ ምስ ናይ ፊፋ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ "ክብረ-ወሰን ምስባር ኣካል ኩዕሶ እግሪ እዩ፡ ሮናልዶ ነዚ ክብረ-ወሰን ምስባሩ ከኣ ሕጉስ እየ። ንሱ፡ ፍሉይን ጸዕራምን ተጻዋታይ እዩ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝለዎ ብቕዓት ኣርእዩ እዩ። ሮናልዶ ዓቢ ኣርኣያ (ሞዴል) ንንኣሽቱ ተጻወትቲ እዩ። ክብረ-ወሰናት ከኣ ዝኾነ ነገር ክምዝከሩ እየም ዝርእዩ" ክብል፡ ኣብ ልዕሊኡ ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ።



ኣብዚ እዋን ወዲ 54 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ዓሊ፡ ኣብዚ እዋን ሳልሳይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ እዩ ዝርከብ - ሊዮኔል መሲ'ውን ስለዝቕድሞ። ኣርጀንቲናዊ መሲ፡ ብ112 ኣህጉራዊ ሽቶታት ድሕሪ ሮናልዶ ይስዕብ።

ብዛዕባ መሲ'ውን ዝተዛረበ እዚ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ፡ "መሲ፡ በሊሕን ፍሉይን ተጻዋታይ እዩ። ዝድነቕ ናይ ጸወታ ሜላ ኣለዎ። ንዕኡ ምዕዛብ ኩሉ ግዜ ሓጒስ እዩ ዝፈጥር። ከም ሮናልዶ ኣብ ታሪኽ ሓደ ካብ ዝበለጹን ሚልዮናት ሰባት ዝጸለወን እዩ" ኢሉ። ምስዞም ክልተ ብሉጻት ተጻወትቲ ምስራሕ ከኣ ዓቢ ክብሪ ምዃኑ ይዛረብ - ዓሊ ዳይ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሮናልዶ ዓርቢ ምሸት ኣብ ናይ ሊግ ስዑዲ-ዓረብ ጸወታ ንእኽሮ ሽቶ ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ኣል ቃድሲያ ብምቁጻሩ፡ "ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ንዝተፈላለየ 200 መጋጥምቶም ሽቶ ዘመዝገበ ተጻዋታይ" ክኸውን ከምዝኸኣለ "ቶክ ስፖርት" ዝተባህለት ጋዜጣ ሓቢራ። ኣል-ናስር፡ ድሒረን ብዝተመዝገቦኦ ሽቶታት 2-ብ1 ተሳዒረ። ኣል ቃዲሲየ፡ ኣብ ሪያል ማድሪድ ንሮናልዶ ወዲ ጋንታኡ ንዝነበረ ናቾን ከምኡ'ውን ናይ ቀደም ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል ፔር ኤምሪክ ኣቦሙያንግ ሒዛ ትርከብ። ኣቦሙያንግ ከኣ ነታ ኻልኣይቲን መዐወቲትን ሽቶ ኣመዝጊቡዋ።

## ማን ዩናይትድ፡ ብዚርክዚ ትጠራጠር

እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ብዝቖጸት እቲ ኣብዚ ክረምቲ ካብ ቦሎኛ ዝገዝኣቶ ኣጥቃዓይ ጆሹዋ ዚርክዚ ክትጠራጠር ምጅማራ ተሓቢሩ።

ብ36.5 ሚልዮን ፓውንድ ናብዛ ክለብ ዝተጸምበረ ዚርክዚ፡ ንፉልሃም ዓዲማ ኣብ ዝኸየደታ ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ጸወታ እዚ ወቕቲ ተቐይሩ ብምእታው፡ ንመዐወቲት እኽሮ ሽቶ ብምቁጻሩ ብጸቡቕ ኾይሉ ነይሩ። ኣብ ዝሰዓቡ 16 ግጥማት ናይ ዝተፈላለዩ ውድድራት ተሰሊፉ ግን፡ ከዕሶ ምስ ሰኪዔት ክራኽብ ኣይከኣለን ዘሎ።

ማን ዩናይትድ፡ ኣብዚ ወቕቲ ድኹም ኣቓውማ ሒዛ ከምዝኣተወት ሰሪዚ ከኣ ንኣሰልጣኒኣ ኤሪክ ተን ሃግ ካብ ስርሑ ከምዘብረረቶ ይፍለጥ። እዚ ምናልባት ንዚርክዚ ዘይሓጊዝ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ ግን፡ ኣብዛ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ነዛ ጋንታ ዝኸውን ብቕዓት ከርኢ ዝተጉበረሉ ትጽቢት ክምልሶ ከምዘይከኣለ ይትንተን።

በዚ ከኣ ንኣሰለምቲ ሓለፍቲ እዛ ጋንታ ኣብ ብቕዓቱ ክጠራጠሩ ቀሲብዎም ይርከብ። እዞም ወሰንቲ ኣካላት ናይዛ ጋንታ፡ ዚርክዚ ንማን ዩናይትድ ክጻወተላ እኹል ዓቕሚ ከምዘይብሉ ከምዝኣምኑ'ውን ጋዜጣ ማንቸስተር ኢቨኒን ትሕብር።



ከም ወጽኢቱ እዛ ጋንታ ልዑል ሽቶ ናይ ምቁጻር ዓቕሚ ዘለዎ ኣጥቃዓይ ከተፈርም ተሊማ ብምህላዋ፡ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ሃሰው ክትብል ኢያ። እዚ ማለት ከኣ፡ ካብዞም ሒዞቶም ዘላ ኣጥቃዕቲ፡ ብልቓሕ ወይ ብቐዋሚ መሸጣ ክትለቕም ትኽእል ኢያ። እዞም ተጻወትቲ ዚርክዚን ራስሙስ ሆይሉንድን እዮም። ኣብ ክረምቲ 2023 ካብ ኢጣልያዊት ክለብ ኣታላንታ ናብዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ዝተጸምበረ ደኒማርካዊ ሆይሉንድ'ውን፡ ሽቶ ኣብ ምምዝጋብ መሪሕ ኣጥቃዓይ ንምዃን ምሕር ይጋደል ምህላዉ ይፍለጥ።

ብመንጽሩ፡ እዞም ክልተ ተጻወትቲ ብሓፈሻ ድማ እዛ ጋንታ፡ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሩብን ኣሞሪም፡ ሓዱሽ ጉዕዞ ጀሚራ ብምህላዋ፡ ስልቲ ወይ ቅዲ ጸወታ ናይዚ ኣሰልጣኒ እንተኣብሪብሮም ክረኣ እዩ። ኣብ ስፖርቲንግ ሊዝቦን ልዑል ስም ዝሃቦ ኣሞሪም፡ ወላ'ኳ ኣብዚ እዋን ልዑል ለውጢ ክምጽእ ዓቢ ትጽቢት ክግበረሉ ዘይግባእ እንተኾነ፡ ምስ ግዜ መሰረታዊ ለውጢ ክምጽእን ክብሪ ናይዛ ጋንታ ናብ ንቡር ክመልሶን ግን፡ ተስፋ ተገይሩሉ ኣሎ። ማዕረ-ማዕረኡ'ውን ትንሳኤ ገለ ዝደኸሙ ተጻወትቲ ኣብ ትሕቲኡ ክርአ ይግመት።

እዚ ወዲ 39 ዓመት ፖርቱጋላዊ ዓላሚ፡ ሎሚ ናብ ኢፕስዊች ታውን ተጓዒዙ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ክመርሕ እዩ።

## ቅንጥብጣብ

* ኣብዘን ዝሓለፋ መዓልታት ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ኢንተር ሚያሚ ኮይኑ ዝተሸመ ጃቪየር ማሸራኖ፡ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምዃኑ ተሓቢሩ።

እዚ ኣርጀንቲናዊ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ባርሴሎና፡ ንናይ ትሕቲ 21ን 23ን ዓመት ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ኣብ ምዕላም እዩ ጸኒሑ። ኣብዛ ኣመሪካዊት ክለብ ከኣ፡ ንናይ ቀደም ደቂ ጋንታኡ መሲ፡ ኣልባ፡ በስኬትን ስዋሬዝን ክሰልጥኖም እዩ።

* ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዲያን ዱብሊን፡ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ናይዛ ጋንታ ራስሙስ ሆይሉንድ ብቕዓቱ ከርኢ ዘይኸኣለ ምኽንያት፡ ናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ ብዝግቡእ ይሕግዝዎ ብዘይምህላዎም ምዃኑ ገሊጹ።

ዱብሊን ኣብ ግዜኡ ካብ ናይ ዩማን ክንፊ ኣጥቃዓይ ሪያን ጊግስ ከምኡ'ውን ናይ ጸጋም ክንፊ ተጻዋታይ ደቪድ ቤክሃም ብዙሒ ቀረብ ሽቶታት ይግበረሉ ምንባሩ ይዛረብ። ሕጂ ግን ናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ - ጋርናቾ፡ ራሽፍርድን ኣንቶኒን ንሆይሉንድ ዝጥዑም ቀረብ ይገብሩሉ ከምዘየለዉ ብምሕባር፡ ጉዳይ ይኸውን ከምዘሎ ገሊጹ።

* ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ - ሮድሪ "ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ዓለም፡ እታ ዝበለጸት ክለብ ዝኾነት ሪያል ማድሪድ እንተጸዊዓትካ ዘኹርዕ እዩ። ጸውዓታ ከኣ ክትሰምዖ ኣለካ። እዚ ርጉጽ እዩ" ክብል፡ ንጸውዓት'ዛ ጋንታ ክትሕሰም ከቢድ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እንተቐሪቡሉ ከምዝቕበሎ ኣሚቱ።

## ኬን፡ ክብረ-ወሰን ሃላንድ ሰይሩ



ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ ሃሪ ኬን፡ 50 ሽቶታት ብቡንደስሊጋ ቀልጢፉ ዝበጽሐ ተጻዋታይ ተባሂሉ ክብረ-ወሰን ሃላንድ ሰይሩ - ድሕሪ'ቲ ዓርቢ ምሸት ዝሰርሖ ሃትሪክ።

ኬን፡ ኣብዚ ናብ ብቐድሚ ትማሊ ምሸት ግጥም፡ ንኦገስበርግ ዓዲሞም 3-ብ0 ኣብ ዝተዓወትሉ ጸወታ እዩ ን3ለን ሽቶታት (ክልተ ብፍጹም ቅላዕ) ብምቁጻር ሃትሪክ ሰሪሑ። ናብዛ ክለብ'ዚኣ ኣብ ክረምቲ 2023 ካብ ዝጸምበረ ንደሓር ከኣ፡ ሻውዐይቲ ሃትሪኩ ኢያ።

እዚ እንግሊዛዊ፡ ኣብ 43 ናይ ሊግ ግጥማት 50 ሽቶታት ብምቁጻር እዩ፡ ብዘውሓደ ነዚ ዝበዝሐ ተባሂሉ ዝጥቀስ ዘሎ ሽቶታት ብምውዳን ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ ዘሎ። ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ቦሩሽያ ዶርትሙንድ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ን50 ሽቶታት ኣብ 50 ግጥማት እዩ በጺሕዎ ነይሩ።

ኣብዚ ወቕቲ 14 ናይ ሊግ ሽቶ በጺሑ ዘሎ ኬን ብምልእ ሙኒክ ዛጊት ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ 61 ግጥማት 61 ሽቶታት ኣመዝጊቡ ይርከብ። እንተኾነ፡ ካብ ቶተንሃም ቀዳመይቲ ጸዋእ ንምልዓል ኢሉ ናብዛ ክለብ እኳ እንተመጸ፡ ዝሓለፈ ዓመት ሙኒክ ብዘይዋንጫ ብምዝዛማ፡ ተስፋኡ ኣብዚ ናይ ሕጂ ወቕቲ እዩ ዘሎ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ሻምፕዮን ዞባ ማእከል፡ ዓበይቲ ተቐዳደምቲ ክልተኦ ጾታ፡ ናይ ጸርግያ ውድድር ጎደናታት ኣስመራ ካብ ሰዓት 7:00 ቅ.ቀ ጀሚሮም ክሳለሱ እዮም።

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል

ደንደን - ማይ ተመናይ 2:00 ድ.ቀ

ኣዱሊስ - ቀይሕ ባሕሪ 4:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ሳውዝሃምፕተን - ሊቨርፑል 5:00 ድ.ቀ

ኢፕስዊች - ማን ዩናይትድ 7:30 ድ.ቀ

ላ'ሊጋ

ሌጋነስ - ሪያል ማድሪድ 8:30 ድ.ቀ


ሰሪኣ

ናፖሊ - ሮማ 8:00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኒውካስል - ዌስት ሃም 11:00 ምሸት



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዋሕዲ ቫይታሚን ዲ፡ ተኽእሎ ሕማማት የልዕል

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ማኽጊል - ካናዳ ዝመደበሮም ተመራመርቲ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም፡ እኹል ዓቐን ቫይታሚን ዲ ዘይረኸቡ ሰባት፡ ምስ ዓበዩ ንዝተፈላለዩ ሕሞማት ዝተቓልዑ ምዃኖም ሓቢሮም።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ'ተን ብዘለወን ባዮሎጂካዊ ኣመዓብላ ምስ ሰብ ልዑል ምምስሳል ከምዘለወን ዝግለጻ ኣናጹ እዩ ተኻዪዱ። እተን ብጀነቲካዊ ምህንድስና ኣካላተን ቫይታሚን ዲ ንኸፍፍሪ ዝተኸልከላ ኣናጹ፡ ንስርዓተ ተጻዋርነት ኣካላተን ዝዕልም 'ጢመስ' ዝተባህለ ጸኒ ብቕልጡፍ ክኣርግ እዩ ተረኺቡ። 'ጢመስ' ኣብ ኣካላት ዝርከብ ንኡስ ኣካል ኮይኑ፡ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ብዘይካ ንብዕዳውያን ታህዋስያን፡ ንጥዑያት ዋህዮታት ደም ንከይጥቅዑ ዝዕልም ኣካል እዩ።

እተን ብባህርያዊ መስርሕ ቫይታሚን ዲ ከፍርያ ዘይከኣላ ኣናጹ፡ በቲ ዝተኻየደለን ጀነቲካዊ ምህንድስና፡ ብዓቐን ዝንኡሰ ዝኣረገን ወሓዳት ዋህዮታት ዘለዎን 'ጢመስ' ከምዝወንና፡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ከኣ፡ እተን ኣናጹ ሕሞማት ናይ ምክልኻል ዓቕመን ክጎድል ከምዝኽእል ገሊጾም። እዛ ክፉል ኣካል (ጢመስ) ምስ ትኣርግ፡ እቶም ጥዑያት ዋህዮታት ዘጥቅዑ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ፈልያ ክተልግስ ስለዘኽእላ ተኽእሎ ዝተፈላለዩ ሕሞማት ይልዕል።



ቁልዑ ካብ ቀድሚ ምውላዶም ኣትሒዞም፡ እኹል ዓቐን ቫይታሚን ዲ ክረኽቡ ከምዘለዎም'የም ኣቐዲሙ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ዝመኸሩ። ቁልዑ ክሳብ ዕድመ 20 ዝበጽሑ፡ ንሓፈሻዊ ጥዕናኦም ቫይታሚን ዲ ኣዝዩ እዩ ዘድሊዮም። እናዓበዩ ምስ ዝኸዱ ግን ኣጉዳለቱ እናጎደለ ከምዝኸይድ፡ እዞም ተመራመርቲ ኣስፊሮም የረድኡ።

ዝዓበየ ምንጪ ቫይታሚን ዲ ብርሃን ጸሓይ ኮይኑ፡ ካብ ዝተፈላለዩ መግብታትን ብመልክዕ መድሃኒት ዝወሰዱ ቫይታሚናትን ክርከብ ይክኣል። ቁልዑን ህጻናትን ኣብ ንኡስ ዕድመኦም እኹል ብርሃን ጸሓይ ከምዝረኽቡ ብምግባር፡ ሕሞማት ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ከምዘደንፍዑ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መውጽኢታ ኣዘኻኺሮም።

## መዓምቑ ደሴታት ሰለሞን፡ ዝዓበየ ጭፍራ ዕምባባ ባሕሪ ይርከቦ

ኣብ ህይወታውያን ማያት ባሕሪ ኣተኲሮም መጽናዕቲ ዘካይዱ ጉጅለ ተመራመርቲ፡ ኣብ 'ደሴታት ሰለሞን'፡ ብደረጃ ዓለም እቲ ዝዓበየ ጭፍራ ዕምባባ ባሕሪ ከምዝረኸቡ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተረኸበ ዝዓበየ ጭፍራ ዕምባባ ባሕሪ፡ 34 ሜትሮ ብ32 ሜትሮ ስፍሓት ኣለዎ። እዚ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ኣብ 13 ሜትሮ መዓምቑ ዝርከብ ዕምባባ ባሕሪ፡ ካብ ባይታ ሰላማዊ ውቅያኖስ 5 ሜትሮ በሪኹ ተደኲኑ ይርከብ። ብዓመት 300 ዓመታት ከምዝቐጸረ ዝነገሩ ዘሎ ባህርያዊ ጸባቑ ካብ ህዋ ብዘይጸገም ከምዝርአ ዳህሰስቱ ገሊጾም ኣለዉ። 'ፓቮና ክላቨስ' ብዝተባህለ ተረር ዕምባባ ባሕሪ ዝቖመ ጭፍራ፡ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘውንን ኮይኑ፡ ሞንኮብ ሰብ ዝመስል ቅርጺ ከምዝውንን፡ እቶም ጉጅለ ተመራመርቲ ገሊጾም ኣለዉ።



እዚ ጭፍራ ዕምባባ ባሕሪ ኣብ መዓምቑ ማያት ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ኮይኑ፡ ዛጊት ንጽልዋታት ክሊማዊ ዋዒ ኣይተቓልዐን ዘሎ። እዚ ከምዘለዎ ንዘመናት ተዓቂቡ ዝጸንሐ ጭፍራ ዕምባባ ባሕሪ ዋላ ብገለ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝንቀሳቐሱ ገፈፍቲ ዓሳ ደርአ እንተነበረ፡ ዓቢ ከውሒ ይመስሎም ምንባሩ'ዩ ተፈሊጡ።

ዕምባባ ባሕሪ ምስ መሬገሲጋይ ዓሳን ኣዞማ ባሕርን ምምስሳል ዘለዎ እንስሳ እዩ። ዕምባባ ባሕሪ ብዘይካ እቲ ዝሀቦ ጸባቑ፡ ኣብ ምስሳን ሂወታዊ ብዙሕነት እንስሳታት ባሕሪ ልዑል ተራ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን፡ ብሰንኪ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ህላወኡ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ይርከብ።

ደሴታት ሰለሞን፡ ኣብ መንጎ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣውስትራልያን ደቡባዊ ምዕራብ ሰላማዊ ውቅያኖስን እትርከብ ብሽዱሽተ ዓበይቲን ብልዕሊ 900 ንኣሽቱን ደሴታት ዝቖመት ሃገር እያ።

## ብዝሒ ሓራምዝ ኣፍሪቃ፡ ብ70 ሚእታዊት ኣንቈልቍሉ

ብዝሒ እቶም ኣብ ዓለም ዝዓበዩ እንስሳታት ምዃኖም ዝንገረሎም ሓራምዝ ኣፍሪቃ፡ ብ77 ሚእታዊት ከምዝነቀልቀለ ኣብ ሓደ ሓዳሽ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።

ሓራምዝ ኣፍሪቃ ብዘለዎም ዕብየት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብዘለዎም ብልሒ፡ ብዝመርሕዎ ዝተሓላለኸ ማሕበራዊ ኣነባብራን ኣብ ኢኮሲስተም ብዘለዎም ኣገዳሲ ተራን ዝፍለጡ ግዙፋት እንስሳታት እዮም። እዚ መጽናዕቲ፡ ካብ 1964 ክሳብ 2016 ዝተኣከበ ኩይኑ፡ ን37 ሃገራት ዝሰተፈ መጽናዕታዊ ጸብጻባት ተመርኲሱ እዩ ተኻዪዱ። ኣብ'ዚ ውሽጢ ዝተገልጸ ዓመታት፡ ቁጽሪ ሓራምዝ ትሮፒካዊ ጎልጎል ብ70 ሚእታዊት ክጎድል ከሎ፡ ብዝሒ ሓራምዝ ጫካ ከኣ ብ90 ሚእታዊት ከምዝተሓተ ተፈሊጡ። ብጠቕላላ ክርአ እንከሎ ከኣ፡ ብዝሒ ሓራምዝ ኣፍሪቃ ብ77 ሚእታዊት ኣንቆልቊሉ ይርከብ። እዚ ኣብ ሓራምዝ ዝተራእየ ምንቁልቋል፡ ብዝያዳ ኣብ ሰሜናውን ምብራቕ ኣፍሪቃን ከምዝጋጠመ እዩ ዝሕበር። ምኽንያት ናይ'ዚ ኣብ ሓራምዝ ኣፍሪቃ ዘጋጠመ ዘሎ ምንቁልቋል፡ ዘይቅርጠው ሓለዋ ዘሰዓቦ ዘይሕጋዊ ንግዲ ስኒ ሓርማዝን ምስፍሕፋሕ ሕርሻዊ ንጥፈታትን ከምዝኾነ ይግለጽ። ቀንዲ ዓደግቲ ስኒ ሓርማዝ፡ ቻይናን ገለ ሃገራት ኤሽያን ኮይነን ንባህላዊ ፍወሳ ከምጥቀማሉ እዩ ዝንገር።



ብኣንጻር'ዚ፡ ኣብ ደቡባዊ ኣፍሪቃ ብፍላይ ኣብ ሃገራት ቦትስዋና፡ ዚምባብወን ናሚብያን ብዝተኸደ ዘሎ ሓብራዊ መስርሕ ዕቃብ እዞም እንስሳታት፡ ቁጽሪ እቶም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ሓራምዝ፡ ካብ'ቲ ዝነበርዎ ብዝሒ ብ42 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ተሓቢሩ ኣሎ። እዚ መጽናዕቲ ኣብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ዝርከቡ ሓራምዝ ኣመልኪቱ ስለዘይተኻየደ፡ ዛጊት ኩነታት ሓራምዝ ኣፍሪቃ ብልክዕ ምግላጽ ከምዘይከኣል'ዩ ዝሕበር። ይኹን'ምበር፡ እዞም እንስሳታት ኣብ ሓደጋ ምጽናት ከምዝርከቡ ንምምልካት፡ እዚ ተረኺቡ ዘሎ መጽናዕታዊ ሓበሬታ እኹል ምዃኑ፡ ኣቐድቲ ናይ'ዚ መጽናዕቲ ይገልጹ።

ኣብ 2016 ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ሓራምዝ ካብ 415 ሽሕ ክሳብ 540 ሽሕ ከምዝበጽሑ ይሕበር።

## "ኣብ ሽቓቕ ነዊሕ ኮፍ ምባል፡ ንጥዕና ጎዳኢ'ዩ" ክኢላታት

ኣብ ሽቓቕ ንልዕሊ 10 ደቒቕ ኮፍ ምባል፡ ተኽእሎ ኣሞሮደየን ምድኻም ጭዋዳታት ጎሎን ከምዝልዕል፡ መርበብ ሓበሬታ ሲኤንኤን ኣብ ገጹ ኣስፊሩ።



ኣብ'ዚ ዘመን ቴክኖሎጂ፡ ዝበዝሑ መንእሰያትን ኮተቴታትን ሞባይሎም ሒዞም ናብ ሽቓቕ ከምዝኣትዉ'ዩ ኣብ ሓደ መጽናዕቲ ተፈሊጡ ዘሎ። ናብ ሽቓቕ ሞባይልካ ሒዝካ ምእታውን ሞባይልካ ምጥንጻልን ዘእተወካ ጉዳይ ኣረሲዑ ግዜኻ ዘጥፍእ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ነታ ሞባይል'ውን ብዝተፈላለዩ ጀርምታት ክትቃላዕ ዝገብር ከም ዝኾነ ይሕበር።

ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ካብ ዝተሳተፉ ዝበዝሑ ኣሞሮደየ ወይ ዝተዳኸመ ጭዋዳታት ጎሎ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ሽቓቕ ነዊሕ ሰዓታት ከምዝሕልፉ እዩ ክልለ ተኻኢሉ ዘሎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሽቓቕ ካብ 10 ደቒቕ ንላዕሊ ምጽናሕ፡ ምስ ኣሞሮደየ ዝተኣሳሰር ጸገማት ከምዘኸትል'ውን ተሓቢሩ ኣሎ።

ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፈት ዶ/ር ፈራሕ ሞዝር፡ ሓደ ሰብ ኣብ ሽቓቕ ብዝበዝሐ ካብ 5 ክሳብ 10 ደቓይቕ ጥራይ ክጸንሕ ከምዘለዎ እያ ትገልጽ። ካብኡ ንላዕሊ ምጽናሕ ግን፡ ኣብ ከባቢ መቐመጪ ዝርከቡ ሰራውር ደም ምስ ብዝሒ ኮፍ ምባል ብሓይሊ ይግዘሩን ደም ይመልኡን ስለዝኾኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ምስ ግዜ ኣሞሮደየ ክተማዕብል ዘሎ ተኽእሎ ከምዝልዕል ኣረዲኣ።

ንኣ ወሲኻ፡ ኣብ ሽቓቕ ነዊሕ ኮፍ ምባል፡ ጭዋዳታት ጎሎ ከምዝዳኸሙ እያ ተብርህ። ዶ/ር ፈራሕ፡ ቀልቀል ዝኣበዮም ሰባት፡ ኣብ ሽቓቕ ንልዕሊ 10 ደቒቕ ኮፍ ክበሉ ከምዘይብሎም ወሲኻ መኺራ። እዞም ከም'ዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት ደሞ፡ ኣብ ሽቓቕ ኮፍ ምስ በሉ ቀልቀል ምስ ዝኣበዮም፡ ብዙሕ ክንቀሳቐሱ፡ እኹል ማይ ክሰትዩን ጽሕጊ ዘለዎ መግቢ ክዘውትሩን ተዘኻኺራ። ቀልቀል ዝኣበዮም ሰባት፡ ንሰለስተ ሰሙናት እዞም ዝተገልጹ ሜላታት ተጠቒሞም ኩነታቶም ክመሓየሽ ምስ ዘይክእል ግና፡ ምልክት ካልእ ሕማም ክኸውን ስለዝኽእል፡ ናብ ሓኪም ክኸዱ ትሕብር።

እቶም ዝኸፍአ ጸገም ጥዕና ዘይብሎም ክሶም የግዳ ብሰንኪ ሞባይል ኣብ ሽቓቕ ልዕሊ 10 ደቒቕ ዝሕልፉ ሰባት ግን፡ ሕሞማት ከይዓደጉ ከለዉ እዚ ልምዲ ከወግድዎ ከምዘለዎም፡ ዶ/ር ፈራሕ ኣብ መውዳእታ ሞያዊ ምኽራ ኣመሓላሊፋ።

## "ናብ ከሚካላት ዝተቓልዓ ነፍሰ-ጾራት፡ ኣዝማ ዘለዎም ቈልዑ ክወልዳ ተኽእሎ ኣሎ" ተመራመርቲ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ኩሞቶ - ጃፓን፡ ካብ'ተን ናብ ልዑል ዓቐን 'ፔረብን'ን 'ኣልክልፌኖል'ን ዝበዝሑ ኬሚካል ዝተቓልዓ ነፍሰጾራት ኣደታት ዝወለዱ ቈልዑ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ኣዝማ ከምዝማዕበሉ ሓቢሮም።



እቲ መጽናዕቲ ኣብ ከባቢ 7 ሽሕ ኣደታትን ደቀንን እዩ ተኻዪዱ። ኬሚካላት 'ፔረብን'ን 'ኣልክልፌኖል'ን ብዘለዎም ባእታ ጸረ-ታህዋስያን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕሹጋት ነበራት ዝርከቡ ኮይኖም፡ ነዞም ኬሚካላት ብልዑል ዓቐን ምቅላዕ ግና ንስርዓት ውሽጢ ኣካላት ብምዝንባዕ፡ ተኽእሎ ዝተፈላለዩ ሕሞማት ከምዝልዕል'ዩ በዚም ተመራመርቲ ዝግለጽ ዘሎ።

ንሳቶም፡ ነፍሰጾራት ኣብ'ቲ መጀመርያ ናይ ጥንሰን እዋን፡ ነቶም ኣብ ለቨኑ ሻምፖ፡ መጸራረዪ ፍርያትን ፕላስቲክን ዝርከቡ ኬሚካላት 'ፔረብን'ን 'ኣልክልፌኖል'ን ብብዝሒ ምስ ዝቃልዓ፡ ዝወልድኦም ቈልዑ ኣብ ዝሰዕብ ዓመታት ህይወቶም ኣዝማ ከማዕብሉ ዘለዎም ዕድላት ብዕጽፊ ዝለዓለ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ገሊጾም። ይኹን'ምበር፡ ዛጊት ኬሚካል 'ኣልክልፌኖል' ኣብ ደቂተባዕትዮ ቈልዑ ሕማም ኣዝማ ከምዝስዕብ ተረጋጊጹ'ኳ እንተሎ፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ቈልዑ ግን ጽልዋኡ ክሳብ ሕጂ ከምዘይተረጋገጸ እቶም ክኢላታት ኣረዲኦም።

ነፍሰጾራት ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ተነቀፍቲ ስለዝኾና፡ ዝጥቀማሉ ፍርያት ካብ ጎድኣቲ ኬሚካላት ናጻ ክኸውን ተመሪጺ ምዃኑ ዘዘኻኸሩ እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ'ዚ ኣርእስቲ ዘተኮረ ሰፊሕ ዝበለ መጽናዕቲ ኣካይዶም ርጡብ መደምደምታ ክህቡ ተስፋ ከምዘለዎም ኣብ መወዳእታ ገሊጾም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚለንዮም | 24/11/2024 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭህባት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |
| ፋርማሲ ኣሸፋአ | | ጎደና ከልዓውታ ቁ.57 ኣፕርያ ከባቢ እንዳ ዓለበሲት | 17157709 |
| በት መቐጣ መድሃኒት ምሕረት | | ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ካምፖ ቦሎ | 124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565